
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.178 ዓርቢ 27 መጋቢት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ምዕባይ ጸኪ 'ፕሮስቴት'




ገጽ 3
ኣመሪካ፡ ንመደበራት ጸዓት ኢራን...



ገጽ 4
መልእኽቲ ሕብርታት፡ ኣብ ስነ-ጥበብ

ገጽ 5
ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን



ገጽ 11
ራብዐይቲ ዙርዞባ ማእከል ተጀሪዳ

# ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ንጥፈታታ ገምጊማ



ስእሊ-ተስፋኣለም ኣፈወርቂ

ኣብ መላእ ሃገር ካብ ዝርከብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ናይ 11 ክፍሊ ትምህርቶም ንዘዛዘሙ ተመሃሮ ተቐቢላ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቲ ብምሃብ ንሃገራዊ መልቀቒ ፈተና እተዳሉ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ፡ ብ24ን 25ን መጋቢት ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ንጥፈታታ ገምጊማ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ሓለፍቲ ክፍልታት ሚኒስትሪ ትምህርትን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዞባታትን ከምኡ'ውን ኣዘዝቲ ሃገራዊ ማእከል ትምህርትን ስልጠናን ዝተሳተፍዎ ገምጋም፡ ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ርእሶም ገብረሂወትን ሓለፍቲ ኣሃዱታትን፡ ብዝባ ብልጫታትን ሕጽረታትን ምሉእ ሰእሊ ዝሃብ ዝርዝራዊ ጸብጻባት ኣቕሪቦም።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ነቲ ብመረዳእታ ዝተሰነየ ዝርዝራዊ ገምጋም ብምምጓስ፡ ከም ብደሆታትን ሕጽረታትን ዝተጠቕሱ ጉዳያት፡ ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ዝመጽእ ዓመት ግብራዊ ፍታሕ ክምጽኡሉ ከምዝኾኑ ኣረዲኣ።

ንመስርሕ ምደባ፡ ቀያርን ስልጠናን መማህራን ብዝምልከት ድማ፡ ሚኒስተር ሓሊማ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩለን ጨናፍር ትምህርቲ ዝርአ ዘሎ ጸገም ብምዃኑ፡ ግቡእ ስርዓተ-ሕጊ ሐዙ ክኸይድ ስለዝኾነ፡ ድሮ ወሸጣዊ ስርዓተ-ምደባን ቀያርን ተዳዲሉ ከምዘሎ ገሊጻ።

መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድንፋዕ፡ ብጾውድታት ስነምምህርና፡ ትምህርታዊ ስነልቦና፡ ምሕደራ ትምህርትን ካልእን ኣፍልጦን ንቕሓትን ዘለዎም መማህራን ምፍራይ ኣገዳስነቱ ልዑል ከምዝኾነ ጠቒሳ ድማ፡ ካብ ዝመጽእ ዓመት ጀሚሩ፡ ኮለጅ ዓዲ-ቐይሕ ኣብ ምፍራይ መማህራን ከገልግል ምዃኑ ኣዘኻኺራ።

ኣብ መወዳእታ ሚኒስተር ሓሊማ፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ማሰልጠንት ትምህርቲ ሃገር ብምዃና፡ ኣብኣ ዝርአ ብልጫታትን ሕጽረታትን ንምሉእ ሃገር ከምዝውክል ብምግላጽ፡ ዘሎ ሕጽረታትን ስክፍታታትን ንምፍታሕ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ብስሩዕ ከምዝሰራሕ ኣብሪሃ።

# ኣፍዓበት - መበል 38 ዝኽሪ ምድምሳስ እዚ ናደውን ምሕራር ኣፍዓበትን ተኽቢሩ

ዝኽሪ መበል 38 ዓመት ምድምሳስ እዚ ናደውን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን፡ ብ25 መጋቢት ብኽቡብ ዝበለ ድምቀት ተኽቢሩ።

እቲ ብሰልፊ ህዝባዊ ግንባር ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ዝተኻየደ ጽንብል፡ ብበህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት፡ ከምኡ'ውን ንቅያ ተጋደልትን ተራ ህዝብን ኣብ ምድምሳስ እዚ ናደው ብዘዘንቱ ተዘክሮታት ዝተሰነየ ምንባሩ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጀብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ዝተመዝገበ ድሙቕ ዓወታት፡ ኣብ መደባት ህንጸትን ልምዓትን ይደገም ምህላዉ፡ ካብ ዜሕብን መዓይ ገዛውና ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ከም ዜጋታት መብጽዓና ንዘበርኽ ስራሕን ኣበርክቶን ክሕድስ ከምዝሕግዝ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ካብ 17 ክሳብ 19 መጋቢት 1988 ዝተኻየደ፡ "መሴታ 'ደየን ቤን ፉ' ዝተሰምየ መጥቃዕቲ፡ ሶቭዬታውያን ኣማኸርቲ ዝርከብዎም ኣሰታት 18 ሽሕ ሰራዊት መግዛእታዊ ስርዓት ደርጊ ምውታትን ምሩኻትን ክኸሱ ከለዉ፡ ህዝባዊ ግንባር ስትራተጂካዊ ኣጸዋር ከምዝማረኸ ዝዝከር'ዩ።



# ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ስቶክ-ኦን-ትረንት (ዓባይ-ብሪጣንያ) ሰሚናር ተኻዩዱ



ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ተወልደ የውሃንስ፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ስቶክ-ኦን-ትረንት - ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርና፡ ዞባናን ዓለምን ዘተኩረ ሰሚናር ኣካዩዱ።

ኣብ'ቲ ብ22 መጋቢት ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ኣቶ ተወልደ፡ ንህሉው ኩነታትን ጂኦ-ፖለቲካውን ምዕባለታት ዓለምና፡ ተሃዋሲ ኩነታት ዞባና፡ ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያውን ልምዓታውን ምዕባለታት ሃገርና ኣመልኪቱ ድሕሪ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ስቶክ-ኦን-ትረንት ጥምረቶምን ስኒቶምን ብምሕያልን ውዳበታቶም ብምስፋሕን ንጥፈታት ማሕበረኮሞምን ሃገራዊ መደባትን ክዕዝዙ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ስለ'ቲ ዝተዋህቦም ኣገዳሲን እዋናውን መግለጺ ምስጋና ብምቕራብ፡ ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ኩሉ ካብኦም ዝሕተት ከምዝማልኡ ኣረጋጊጾም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምዕባይ ጽኪ 'ፕሮስቴት'

ምዕባይ ጽኪ 'ፕሮስቴት' ብዘለምዶ 'ዓጽረ-ሽንቲ' ኢልና ንገልጾ ዓይነት ሕማም እዩ። ጠንቂ ናይዚ ሕማም ብዙሕ ንጹር'ኳ እንተዘይኮነ፡ ምስ ዕድመ ከምኡ'ውን ኣብ ጾታዊ ሆርሞናት ምስ ዝርአ ዘይንቡር ምቅይያር ምትእስሳር ከም ዘለዎ ሕክምናዊ ጸብጻባት የመልክቱ።

'ፕሮስቴት' (prostate) ኣብ ስርዓተ መፍረ ኣካላት ወዲ ተባዕታይ ዝርከብ ጽኪ እዩ። እዚ ንእሹቶ ጽኪ'ዚ ኣብ ትሕቲ ፍሕኛ ሽንቲ ዝርከብ ኮይኑ ዘርኢ ኣብ ምፍራይ ልዑል ተራ ይጻወት። ሆርሞናት ስለ ዘመዓራሪ ድማ ዋሕዚ ሽንቲ ይቆጻጸር።

ጸገም 'ፕሮስቴት' ብፍላይ ምስ ዕድመ ግሁድ እናኾነ እዩ ዝኸይድ። እቶም ልሙዳት ጸገማት 'ፕሮስቴት'፡ ምቅጻል 'ፕሮስቴት'፡ ምዕባይ ጽኪ 'ፕሮስቴት' ከምኡ'ውን መንሸሮ 'ፕሮስቴት' እዮም። እዚ ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባ ምዕባይ ጽኪ 'ፕሮስቴት' ዝምልከት እዩ።

### 'ፕሮስቴት' እንታይ እዩ?

'ፕሮስቴት' ንእሹቶን ኣዝዩ ልምሉምን ኣካላት ወዲ ሰብ እዩ። ዓቐኑ ክንዲ ፍረ ካውሕ ዝኸውን ኮይኑ ክሳብ 30 ግራም ክብደት ኣለዎ። ኣብ መንጎ ፍሕኛ ሽንቲን ናብ ብልዕቲ ዝኸይድ ሻምብቆ ሽንትን ድማ ይርከብ።

ሽንቲ ወይ ዘርኢ ዘመሓላልፍ 'ዩረትራ' (urethra) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሻምብቆ፡ ብ'ፕሮስቴት' እዩ ዝሓልፍ። በዚ እዩ ድማ 'ፕሮስቴት' ንዋሕዚ ሽንቲ ክጸልዎ ዝርኤ።

'ፕሮስቴት' ኣካል ስርዓተ መፍረ ኣካል ወዲ ተባዕታይ እዩ። ምስኡ ዝሰርሑ ካልኦት ኣካላት - ብልዕቲ (penis)፡ ኣስኪት (scrotum) ከምኡ'ውን ፍረ-ነብሲ (testes) እዮም።

### 'ፕሮስቴት' እንታይ እዩ ጥቕሙ?


ወዲ ተባዕታይ ክሳብ ናይ ግድን ንጡፍ 'ፕሮስቴት' ክህልዎ ኣየድልን እዩ። ንመፍረ ግና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ስዒቡ ጥቕምታት 'ፕሮስቴት' ተዘርዚሮም ኣለው፦

ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ንምፍራይ ይሕግዝ፦ ምስ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ዝውሕዝ ፈሳሲ ብጽኪ 'ፕሮስቴት' እዩ ዝፈሪ። እዚ እቲ ቀዳማይ ጥቕሚ 'ፕሮስቴት' እዩ። እዚ ካብቲ ፈሳሲ ን20 ክሳብ 30 ሚእታዊት ይሓቁፍ። እቲ ካብ 50 ክሳብ 65 ሚእታዊት ምስ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ዝውሕዝ ፈሳሲ ንባዕሉ እቲ ዘርኢ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝተረፈ ከበቢ 5 ሚእታዊት ፈሳሲ ድማ ካብ ፍረ-ነብሲ ወዲ ተባዕታይ ይመጽእ።

ብጽኪ 'ፕሮስቴት' ዝፍኖ ፈሳሲ ኢንዛይም፡ 'ዚንክ'ን 'ሲትሪክ ኣሲድ'ን ዝሓዘ ብምዃኑ ነቲ ዘርኢ ሓዚ ዘሎ ፈሳሲ ንኽቕጥጥን ብዘይ ጸገም ንኽንቀሳቐስን ይሕግዝ።

ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ኣብ ዝፈስሉ እዋን ንሻምብቆ ሽንቲ ንምዕጻው የገልግል፦ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ክፈስስ እንከሎ፡ 'ፕሮስቴት' ንኣፍደገ ሽንቲ ብምዕጻው ነቲ ዘርኢ ብሓይሊ ክወጽእ ይደፍእ። በዚ ተፈጥሮኣዊ ኣሰራርሓ'ዚ፡ ኣብ ሓደ እዋን ዘርኢ ክንጭውነትን ክሸይንን ዘይከኣል ይኸውን።

ሆርሞናት የመዓራሪ፦ 'ፕሮስቴት' ብግቡእ ስርሑ ክኸይድ ዝተመዓራረየ ተስተስትሮን (testosterone) ከምኡ'ውን ኢስትሮጅን (estrogen) ዝተባህሉ ጾካታት ክህልዉ ኣለዎም። እዞም ኩነታት'ዚኦም ምስ ዘይመዓራረዩ ብዙተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ክንቅቐ ንኽእል።




ኣብ 'ፕሮስቴት' ጸገም ከም ዘሎ ዝርእዩ ምልክታት

* ሽንቲ ክትቅጻጸር ዘይምኽኣል፡ ከምኡ'ውን ብተደጋጋሚ ክትሸይን ምድላይ።

* ክትሸይን እንከለኻ ምቕንዛው፡ ከምኡ'ውን እናሸንካ ሃንደበት ሽንቲ ደው ክትብል ዘይምኽኣል።

ኣብ 'ፕሮስቴት' ዝርአ ጸገማት ሰንኪ ጸገማት ኣብ ጾታዊ ርክብ፡ ስርዓት ሽንቲ፡ ጸጸር ኣብ ከረጺት ሽንቲን ኩሊትን ዝስዕብ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

### ምዕባይ ጽኪ 'ፕሮስቴት'

ምውሳኽ ወይ ምዕባይ ብዝሒ ዋህዮታት ኣብ ጽኪ 'ፕሮስቴት' ብልምዲ 'ዓጽረ-ሽንቲ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓይነት ሕማም እዩ። እዚ 'በኒን ፕሮስታቲክ ሃይፐርፕላሲያ' (Benign prostatic hyperplasia - BPH) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጽኪ ፕሮስቴት፡ ንገለ ክፋል መፍረ ደቂ ተባዕትዮ ኣቕሙ ዝርከብ ኣካል እዩ።

### ጠንቂ ምዕባይ ጽኪ 'ፕሮስቴት'

ጠንቂ ምሕባጥ ጽኪ 'ፕሮስቴት'፡ ብዙሕ ክኸውን ከም ዝኽእል እዮም ሕክምናዊ መጽናዕትታት ዘመልክቱ። ምብዛሕን ምውሓድን ኩነታት ናይ ተስተስትሮን (testosterone)ን ኢስትሮጅን (estrogen)ን ሓደ ካብኡ እዩ። ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ፡ ብዙሕ ዝዓቐኑ ናይ ተባዕታይ ኣካላዊ ነዚ ማለት ተስተስትሮን testosterone)፡ ከምኡ'ውን ውሑድ ዝዓቐኑ ኣንስታዊ ኣካላዊ ነዚ ማለት ኢስትሮጅን (estrogen) የፍርዩ'ዮም። እቶም ደቂ ተባዕትዮ ዕድመ እናወሰኹ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን፡ እቲ ኣብ ደም ክህሉ ዝግባእ ነዚ ተስተስትሮን እናውሓደ፡ በንጻሩ እቲ ኢስትሮጅን እናበዝሐ ይኸይድ። ምብዛሕ ነዚ ኢስትሮጅን ኣብ ፕሮስቴት (ተባዕታዊ ጽኪ) ምግዛፍ ዋህዮታት ከም ዘስዕብ መጽናዕትታት የጽንዑ።

ምኽንያቱን ልዕሊ ንቡር ክብደት ስብነት ምውናንን፡ ሕማም ሸኮር፡ ብዙሕ ዘይምንቅስቓስን ብብዝሒ መድሃኒታት ምውሳድን ገለ ካብ ጠንቅታት ናይ'ቲ ሕማም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ'ውን መጽናዕትታት የመልክቱ።

### ምልክታት ምዕባይ ጽኪ 'ፕሮስቴት'

ብደረጃ ዓለም ኣስታት 105 ሚልዮን ሰባት ብምሕባጥ ጽኪ 'ፕሮስቴት' ተጠቂዖም ከም ዘለዉ ሕክምናዊ ጸብጻባት ይሕብሩ። እቲ ሕማም ካብ 40'ታት ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ክርአ ይጅምር። 50 ዓመት ካብ ዝዕድመኦም ደቂ ተባዕትዮ ዓለምና ልዕሊ ፍርቂ በዚ ጸገም'ዚ ተጠቒዖም ይርከቡ። ካብ 80 ዓመት ንላዕሊ ዝርከቡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ እቶም 90 ሚእታዊት ግዳያት ናይዚ ሕማም እዮም። ሓፈሻዊ ምልክታት ናይዚ ሕማም፦

- ኣብ ግዜ ለይቲ ቀቐልጢፍካ ክትሸይን ምድላይ፡
- ብሸንቲ ምውጣርን ሽንቲ ክትዓቁር ዘይምኽኣልን፡
- ክትሸይን ኣብ እትዓለወሉ እዋን ምድንጓይን ቃንዛ ምፍጣርን፡
- ብጠብጠብ ምሻን፡
- ሽንትኻ ምሉእ ብምሉእ ክትውድኦ ዘይምኽኣል፡
- ደም ዝተሓወሶ ምሻን ወዘተ እዮም።

### ፍወሳ

- እቲ ግዳይ ቅድሚ ምድቃሱ ኣብ ዘሎ ግዜ ዝወስዶ ፈሳሲ ምንካይ፡
- ኣልኮላዊ መስተን ከም ቡንን ሻሂን ዝኣመሰሉ ካፌን ዘለዎም ፈሰስቲ ናይ ዝወስዶ ዓቐን ምጉዳል፡
- ሽንቲ ዝወጸሉ እዋን ብግቡእ ምክትታል፡
- ሽንቲ ክመጽእ እንከሎ ኣብ ክንዲ ምቕርቃር ቀልጢፉ ክሽና ይግባእ፡
- ስምዒታት ሽንቲ ኣብ ዘይብሉ ግዜ'ውን ክሸይን ምፍታን፡
- ካብ ዘጨንቁ ነገራት ምርሓቕ። ወጥሪ/ጭንቀት ንባዕሉ ክትሸይን ናይ ምድላይ ስምዒት የብዝሕ ምኻኑ ምስትብሃል፡
- ዛሕሊ ደጋጊምካ ክትሸይን ስለ ዝገብር፡ ኣካላትካ ክተምውቕ ምግባር ገለ ካብቶም ዘቤታዊ ኣገባብ ክንክን ናይዚ ሕማም ተባሂሎም ይግለጹ።

ኣስተብህል! ንዚዩዳ ክንክን ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ምክያድ የድሊ።

ምሕባጥ ጽኪ 'ፕሮስቴት' ብግቡእ ምስ ዘይፍወስ፡ ንደገ ክወጽእ ዝግባእ ረሳሓት ናይ ሰብነት ኣብ ፍሕኛ ከም ዝተርፍ ስለ ዝገብር፡ ንዓኡ ባክተርያ ብቐሊሉ ንኽፈረየ ዕድል ይኸፍት። በዚ ድማ ረኽሲ መተሓላለፊ ሽንቲ ክፈጥር ይኽእል። ኣብ ጥዕና ኩሊት ከቢድ ሳዕቤን ከም ዘውርድ'ውን ዘይምዝንጋዕ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ 1284

## ሓቅታት ብዛዕባ ሕማም ረሲዕ

ሕማም ረሲዕ (Alzheimer disease) ናብ ጽላለ ክምዕብል ዝኽእል ኣብ ሓንጎል ዝርአ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ጽላለ (dementia) ሰፊሕ ኣገላልጻ ሕማም ኣእምሮ ኮይኑ፡ ኣብ ሓንጎል ብዘጋጥም መጉዳእቲ ወይ ሕማም ንናይ ምዝካር፡ ምሕሳብ ከምኡ'ውን ንናይ ምምዛዛን ጠባይን ዓቕሚን ብኣሉታ ዝጸሉ ጸገም ኣእምሮ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ድማ ኣብቲ ዕለታዊ ንጥፈታትና ንኻይዶ ስርሓት ወይ ምንቅስቓስ ብኣሉታ ዝጸሉ እዩ።

ኣብ ሕማም ረሲዕ ዘተኮሩ ጥዕናዊ መጽናዕትታት ከም ዘጽርዎ፡ ሕማም ረሲዕ ካብ 60 ክሳብ 80 ናይ ኣእምሮ ጸገም ሃልይዎም ናብ ሕክምና ንዝቐርቡ ግዳያት ይጸሉ። መብዛሕትኦም ጸገማት ሕማም ረሲዕ ድማ ካብ 65 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ እዩ ዝርኣ።

ሕማም ረሲዕ ክሓዊ ዝኽእል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ክንዲ ብቕልጡፍ ዘገም ኢሉ ከም ዝምዕብል ዝገብር ግቡእ ፍወሳ ግና ኣለዎ።

ብዙሓት ካባና ነዚ ሕማም'ዚ ሰሚዕናዮ'ኳ ንኹን'ምበር ብዛዕብኡ ዘለና ኣፍልጦ ግና ድሩት እዩ። ስዒቡ ብዛዕባ'ቲ ሕማም ዝምልከቱ መብርሂታት ኣለው፦

- ሕማም ረሲዕ ኣብ መስርሕ ዝቕጽል ሕዱር ሕማም እዩ። ገዲፉካ ጸኒሑ መሊሱ ዝቕልቀል ሕዱር ሕማም ኣይኮነን።
- ምልክታቱ ቀስ ብቐስ ዝገሃድ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ሓንጎል ዘውርዶ ጽልዋ ድማ እናበኣሰ ዝኸይድ እዩ። ኣብ ሓንጎል ቡብቕሩብ ዕንወት እናውርደ ድማ እናበኣሰ ይኸይድ።
- ንሕማም ረሲዕ ምሉእ ብምሉእ ከጥፍእ ዝኽእል ፈውሲ የለን። እቲ ብክኢላታት ዝወሃብ ፍወሳ ግና ንምዕባለ ናይቲ ሕማም ብምድንጓይ ኩነታት ናይቲ ግዳይ ከመሓይሽ ዝኽእል እዩ።
- ዝኾነ ሰብ ሕማም ረሲዕ ከማዕብል ይኽእል እዩ። ልዕሊ 65 ዕድመ ዝገበሩ ሰባት ከምኡ'ውን ተመሳሳሊ ሕማም ካብ ዘለዎም ስድራ ዝውለዱ ሰባት ዝያዳ ኑቲ ሕማም ተነቀፍቲ እዮም።
- ሕማም ረሲዕን ጽላለን ሓደ ኣይኮኑን። ሕማም ረሲዕ ግና ኣካል ናይ ጽላለ እዩ።

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካ፡ ንመደበራት ጸዓት ኢራን ምስ እተዕንዎ እንታይ ሳዕቤን ክፍጠር ይኽእል?

ኢራን ኣብዘ ምስ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ውግእ ተጸሚዳትሉ ዘላ ወርሒ፡ ብዘዕጠቐቶ ኣጽዋርን ትጥቀመሉ ዘላ ቅዲ ኩናትን ንዓለም ኣገሪማታ ከም ዘላ ይፍለጥ። ኢራን ኣብዚ ዝቐደ ዘሎ ኩናት ከይተናኸመት፡ ዓለም ርሑቕ ዝይትፈልጥ ሚሳይላት እናወንጨፈት እያ ትቃለስ ዘላ። ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ከም ዝሕብርዎ ዘለዉ፡ ሰራዊት ኢራን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ታሪኽ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ። ምኽንያቱ ኢራን ኣብዚ ኩናት ወተሃደራዊ ዓቕሚ ንዓለም ከተርእዮ ንጽላኢታ'ውን ብደሆ ክትከናምን ክኢላ እያ።

እቲ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ብዘቐደድኦ ሃንደበታዊ መጥቃዕትታት ዝጀመረ ኩናት፡ ነዊሕ ከይቀጸለ ብዓወት ኣመሪካን እስራኤልን ክዛዘም እዩ ዝብል ግምታት'ዩ ኣብቲ ፈለማ ተዋሪሒዎ ነይሩ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን መራሒታ ምስ ተቐትለ፡ ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ኢዳ ክትህብን ክትማረኽን እያ ዝብል ሓሳብ ከም ዝነበሮ እውን ብዙሓት ወገናት ይገልጹ እዮም። ይኹን'ምበር፡ ኢራን ኣብቲ ኩናት ኢዳ ክትህብ ኣይተረኣየትን። እኳ ደኣ ቅዲ ኩናት ብምቕያር፡ ንጽላኢታ ብቑጠባ ከተናኽመንን ነቲ ኩናት ናብ ዝደለየቶ ከተማእዝኖን እያ ትረአ ዘላ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ቅድሚ ገለ መዓልታት፡ ኢራን ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ልዕሊ ንግዳውያን መራኽብ ተኻይዶ ዘላ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ደው ክተብል ምጥንቃቑ ኣይርሳዕን። እዚ ምስ ዘይከውን ግን ኣመሪካ ንመደበራት መመንጨዊ ጸዓት ኢራን ምሉእ ብምሉእ ክትድምስሶ ምዃና እዩ ኣፈራሪሑ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ነዚ መጠንቀቕታ እዚ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸብታቱ ድሕሪ ምዝርጋሑ፡ ገለ ሰዓታት ጸኒሑ ሰራዊት ኢራን ምላሽ ክህቡሉ እዩ ተሰሚዑ። ኣፈኛ ሰራዊት ኢራን ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኣመሪካ ንመደበራት መመንጨዊ ጸዓት ኢራን ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕትታት ምስ እተካይድ፡ ሓደገኛታት ዝኾኑ ግብረ መልሲ ከወሃባ ምዃኑ ኣጠንቂቑ። እዩም ኢራን ክትወስዶም ትኽእል እያ ተባሂሎም ዝግመቱ ዘለዉ ስጉምትታት ከኣ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

1\. ምሉእ ብምሉእ ምዕጻው መጻብቦ ሆርሙዝ፡ ሓደ ካብ'ቶም ብወገን ኢራን ክውሰዱ ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ዝንገሩ ዘለዉ ስጉምትታት እዩ። ኢራን ነቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝወርድ ዘሎ መጥቃዕትታት ደው ንምባል፡ ጸጥታ ናይቲ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ረብሓ ዘለዎ መጻብቦ ኣብ ቅልውላው ከተእትዎ ጀሚራ እያ። መንግስቲ ኢራን ኣብቲ መጻብቦ መራኽብ ናይ ጸላኢ እንተ ዘይኮይኑ ናይ ካልኦት ሃገራት መራኽብ ከም ዘጥቅዕ እዩ ክገልጽ ጸኒሑ። ይኹን'ምበር፡ ኣመሪካ ነዚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ መደበራት መመንጨዊ ጸዓት ኢራን ከተካይዶ ትሓስብ ዘላ መጥቃዕቲ እንተ ደኣ ግብራዊ ጌይራቶ፡ ኢራን ነቲ መጻብቦ ምሉእ ብምሉእ ክትዓጽዎ ምዃና እያ ተጠንቂቓ ዘላ። ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ መግለጺ፡ እቲ መጻብቦ፡ ክሳብ እቲ ዝዓነወን ዝተቓጽለን መደበራት መመንጨዊ ጸዓት ኢራን ብኹሉ ኣመሪካ ዝህዝኦን ናብ ንቡር ስርሖ ዝምለሰን ተዓጺዩ ክጸንሕ እዩ። ኣብዚ ክንገዝኦ ዘለና ሓቂ፡ ውሳኔ ኢራን ንኣመሪካ ጥራሕ ዘይትኸስ፡ እንተላይ ንቑጠባ ዓለም'ውን ዝጸሉ ምዃኑ እዩ። መንግስቲ ኢራን ሃገሩ እናዓነወት፡ ቁጠባ ናይ'ተን ንሃገሩ ዘዕንዋ ዘለዋ ሃገራት ከምዑብል ዘይሕሰብ ምዃኑ እዩ ብተደጋጋሚ ክገልጽ ጸኒሑ። ብዓለም ደረጃ ካብ ዝቐርብ ሰደድ ነዳዲ፡ እቲ 20 ሚእታዊት ብመንገዲ መጻብቦ ሆርሙዝ ኣቢሉ እዩ ዝሓልፍ።

2\. ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ መደበራት መመንጨዊ ጸዓት ሃገሩ እንተ ደኣ ተሃሪሙ፡ ኣብ'ተን መሻርኽቲ ኣመሪካ ዝበላን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ንዝርከብ መደበራት መመንጨዊ ጸዓት፡ ናይ ስርዓተ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ፡ ትካላት መጻረዪ ማይን ካልእ ኣገዳሲ ዝተባህለ ትሕተ ቅርጺታትን ክውቅዕ እዩ። ብፍላይ ምዕናው ትካላት መጻረዪ ማይ (ንጨዋም ማይ ባሕሪ ኣጻርዮን ናብ ጥዑም ማይ ዝቕይራ እየን)፡ ነተን ሃገራት ናይ ምንባርን ዘይምንባርን ሕቶ ክኾነን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ኢራን ባለስቲካዊ ሚሳይላትን ድሮናትን ተጠቒማ ንሓበራዊ ትካላት መጻረዪ ማይ ናይ'ዘን ሃገራት እንተ ደኣ ኣዕንያቶ፡ ህዝበን ብሰንኪ ሕጽረት ጽሩይ ማይ ክበጽሖ ዝኽእል ሓደጋታት ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። በዚ ከኣ እዘን ጎረባብቲ ኢራን ዝኾና ሃገራት ዓረብ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብዘተኣኻኸለ መጠን ካብቲ ሓደገኛ ኩናት ንኸንሳሕብ ክገስግሳኦ ከም ዘለወን እዩም ተንተንቲ ፖለቲካ ዝመኽሩ።

3\. ኩለን ኣብቲ ዞባ ዝርከባ - ምስ ኣመሪካ ንግዳዊ ብርክታት ዘውንና ሲቪላውያን ትካላት ምሉእ ብምሉእ ክዕነዋ እየን። በዚ ከኣ ኣመሪካ ብቑጠባ ዝያዳ ካልኦት ሃገራት ክትህሰ ትኽእል እያ።

4\. እቲ ቀንዲ ነተን ኢራን "መሻርኽቲ ኣመሪካ" ኢላ ሰምያተን ዘላ ሃገራት ሕቶኣን ዝሰብር እዩ ተባሂሉ ዘሎ ጉዳይ ግን እቲ ኢራን ከም ራብዓይ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ መደበራት መመንጨዊ ጸዓት ናይዘን ሃገራት ክወስዶ እያ ዝበሎቶ መጥቃዕቲ እዩ። ብኸምዚ ንዕዘቦ ዘለና፡ ኢራን ንኹሉ ኣመሪካን እስራኤልን ክወስዳኦ ይኽእላ እየን ዝተባህለ ስጉምትታት፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ግብረ መልሲ ንኽትህቦ ኣቐዲማ ተዳልያ ምጽናሓ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። በዚ ከኣ ኢራን ነዚ ኩናት'ዚ ንምቁጽጻር ትጥቀመሉ ዘላ ብልሓትን ተርእዮ ዘላ ብቕዓትን ንሓያሎ ወገናት ኣገራሚ ኮይኑ ኣሎ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ነዘን ኩለን ኣርባዕተ ነጥብታት ዝሓዘ መጠንቀቕታ ምስ ሰምዐን እተን ዝገደበን 48 ሰዓታት ከብቅዓ ምስ ተቓረበን እዩ እምበኣር ሓድሽ መግለጺ ክህብ ተሰሚዑ። እቲ ፕረዚደንት፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ መዓልታት ምስ መንግስቲ ኢራን ሃናጺን ውጽኢታዊን ዝርርብ ከም ዘካየደ ብምሕባር፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ክወስዶ እየ ዝበሎ መጥቃዕቲ ዳግመ ግምት ከም ዝገበረሉ ኣምሲሉ እዩ ክዛረብ ተሰሚዑ። ንሱ፡ ነቲ ዝሃቦ ናይ 48 ሰዓታት ገደብ ግዜ ናብ 5 መዓልታት ከም ዘናውሖ ሓቢሩ። እንተኾነ፡ መንግስቲ ኢራን ብመንገዲ ሃገራዊ ማዕከን ዜና ሃገሩ ኣቢሉ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኢራን ምስ ኣመሪካ ዘቐደደቶ ዝኾነ ዝርርብ ከም ዘየለ ብምግላጽ፡ ንመግለጺ ትራምፕ ኣሉታዊ ምላሽ ሂባቶ። ብዙሓት ፖለቲከኛታት ዓለምና፡ ድሕሪ መግለጺ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንዕብለላ ናይቲ ኩናት ኣመልኪቶም መግለጺታት ከውጽኡ ተራእዮም እዮም። ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኢራን ከም ግብረ መልሲ ክትወስዶ ብእትኽእል ከቢድ ወተሃደራዊ ስጉምትታት ሰጊኡ፡ መርገጺታቱ ክቕይር ደሪኡ ምህላዉ'ውን ይገልጹ ኣለዉ። ኢራን ሕሱራት ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ እናተጠቐመት፡ ንኣመሪካን መሻርኽታን ኣናዊጻተን እያ። ብተወሳኺ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ናብታ ኣመሪካን ብሪጣንያን ብሓባር ከም ወተሃደራዊ መደበር ዝጥቀማላ ደሴት 'ድያጎ ጋርሽያ' ዝተተኮሰቶ ሚሳይል እውን ንጽላኢታ ኣሻቒሉወን እዩ ዝርከብ። እቲ ኢራን ናብ ደሴት ድያጎ ጋርሽያ ዝተተኮሰቶ ሚሳይል፡ ዓለም ርሑቕ ዘይትፈልጦን ክሳብ 4,000 ኪ.ሜ ክውንጨፍ ዝኽእልን እዩ። ኢራን ኣቐዲማ ካብ 2,000 ኪ.ሜ ንላዕሊ ዝውንጨፍ ሚሳይላት ከም ዘይፍረያት ገለጻ ምንባራ ኣይርሳዕን። ይኹን'ምበር፡ እዚ ዝወንጨፈቶ ሚሳይል፡ ንጽላኢታ ካብ ግምቶም ንላዕሊ ኮይኑዎም እዩ ዝርከብ።

ኢራን ኣብዚ ሕጂ እዋን ንዕዳጋ ጸዓት ዓቢ ራዕዲ እያ ፈጢራትሉ ትርከብ ዘላ። እታ ሃገር ብወሽመጥ ሆርሙዝ ኣቢሉ ንሓፈሻዊ ዕዳጋ ነዳዲ ዓለም ምቁጽጻር ከም ቀንዲ ዕላማኣ ገይራ እያ ትሰርሓሉ ዘላ። ብርግጽ ከኣ ዋጋ ነዳዲ ብደረጃ ዓለም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ክብ ክብል ንዕዙብ ኣለና።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ካብ 2003 ኣትሒዙ ኣብ ዒራቕ ዓስኪሩ ዝጸንሐ ሰራዊት ኣመሪካን ኔቶን ብሰንኪ ጸቕጢ ኢራን ካብታ ሃገር ጠቕሊሉ ክወጽእ ኢና ንዕዘብ ዘለና። በዚ ከኣ እቲ ንኣስታት 23 ዓመታት ኣብ ዒራቕ ዝጸንሐ ሰራዊት ኣመሪካ፡ እቲ ናይ መጀመርያ ካብታ ሃገር ጠቕሊሉ ዝወጸ ሰራዊት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ኩሉ ኣብዚ እዋን ብኣመሪካ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት እምበኣር፡ ኣብ ዝበዝሐ ሸነኻቱ ኢራን መዝሞዚ ንረብሓኣ ክትጥቀመሉ እያ ትረአ ዘላ። ኣመሪካን እስራኤልን እልቢ ዘይብሎም ወተሃደራት ኣዋፊረን ዘይተኣደነ ኣጽዋር ቀሪበን ዓርሞሸሻውያን መራኽብ ውግእን ነፈርቲ ኩናትን ናብቲ ዞባ ኣጻጊዐን እየን ንኢራን ክድህላኣን ብታህዲድ ኢዳ ከም እትህብ ክገብራኣን ፈቲነን ነይረን። እንተኾነ፡ እታ ሃገር ከይተጻዕደት ክትቃለሰን ንፍሲ ወከፍ መጥቃዕቲ ናይዘን ሃገራት ከቢድ ግብረ መልሲ ክትህበሉን እያ ተራእያ።

ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ብዘካይድኦ ዘለዋ ዘቕጽር መጥቃዕትታት፡ ዛጊት ኣስታት 1,500 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 18,500 ሰባት ድማ ቆሲሎም ኣለዉ። - ብመሰረት ጸብጻባት።





# መልእኽቲ ሕብርታት፡ ኣብ ስነ-ጥበብ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ኣብ ስነ-ጥበቡ፡ ሕብርታት ኣገዳሲ ተራ ኣለዎም። ሰባት ብሕብሪ ኣቢሎም ውሽጣዊ ባህግታቶምን ስምዒታቶምን ይገልጹ። ኑቲ ከንጸባርቐዎ ዝሓስቡ ማሕበራዊ፡ ፍቕራዊ፡ ባህላውን ፖለቲካውን ንጥፈታት ሂወት ደቂ- ሰብ ድማ፡ ብሕብሪ ቀለም ኣቢሎም መልእኽቲ ድርሰቶም የመሓላልፉ። ስነ-ጥበብ ወዲ ሰብ'ዩ እንተኢልና፡ ወዲ ሰብ ከኣ ስነ-ጥበብ'ዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ሂወት ደቂ-ሰብ ብቐጥታ ምስ ጥበብ ሕብሪ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ። ብሓፈሻ ስነ-ጥበባውያን ዊንታኦምን ሃረርታኦምን ብሕብሪ ዝገልጹሉ ምኽንያታት'ውን ኣለዎም። ንሓደ ነገር ኣብ ክንዲ ብቓላት ከም ዘለዎ ዝገልጹ ብሕብሪ ኣቢሎም ንምርምርን ሓሳብን ብዘዕድም ኣገባብን ጥበብን የዳልውዎ። ንሶም ኑቲ ክብልዎ ዝደለዩ ሕብሪ ገይሮም እዮም ንምርኢት ድሉው ዝገብርዎ። ምኽንያቱ ብፍላይ ገለ ሕብርታት ዝተፈለየ ኣድማሳዊ ትርጉም ኣለዎም። ሕብርታት ኣእምሮኣውን ስምዒታውን ግብረመልሲ ናይቲ ዝዕዘብ ሰብ'ውን የበራብሩ እዮም። በዚ መሰረት ሓደ ስነ-ጥበበኛ ሰኣላይ ግብረመልሲ ክረኽብ እንተደአ ክኢሉ ስእሉ ብዓገቡእ ሰኢሉዋ ኣሎ ማለት እዩ።

ንኣብነት ቀባእቲ፡ ሕልምታቶምን ባህግታቶምን ብቐለም ሕብርታት ኣቢሎም የስተንፍሱ። ንወህደት ሕብርታት ጻዕቂ ወይ ወሓዚ ሕብርታት ድማ ኣተኩሮ ገይሮም ይሰርሑ። ንባህላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ወተሃደራዊ… ሸነኻትን ንጥፈታትን ደቂ-ሰብ ድማ ብቛንቛ ሕብሪ ይሕብሩን ይነግሩን። እዚ ማለት ንሓዘንን ሓጎስን፡ ንፍልጠትን ፍልስፍናን፡ ንኣድማስን ቅርጺ መሬትን፡ ንሓቂን ምዕባለን፡ ንትምህርትን እምነትን፡ ንሕልናን ባህልን፡ ንተስፋን ምንባርን፡ ንጽንዓትን ልምዓትን፡ ንመኸተን ሰላምን፡ ንጻዕርን ፍቕርን፡ ንሓድነትን ስኒትን፡ ወዘተ. ብሕብሪ ኣቢሎም ይጽሕፉን ይደርሱን። ብሓጺሩ ሰባት ስምዒታቶም ንኽገልጹ ብሕብሪ ይዓዩ። ብተወሳኺ ኣገዳስነት ሕብርታት ኣብ ባህላውን ማሕበራውን ናይቲ ዘንጸባርቐሉ ዘሎ ሕብረተሰብ እውን ይምርኮሰ እዩ። ከምዚ ክበሃል እንከሎ፡ ሓደ ሕብሪ ኣብቲ ህሉው ኩነታት ተመርኩሱ ዝተፈለየ ትርጉም ክህብ ስለዘኽእል ማለት እዩ።

ነፍሰ-ወከፍ ሃገራት ዓለምና እንተኾና'ውን፡ ንጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልስንን ኩብረንን ልኡላውነተንን ብጥበብ ሕብሪ እየን ኣብ ባንዴራአን ዘውከልኦ። ነፍሰ-ወከፍ ነጡብጣባት ይኹኑ ውጹእ ምሉእ ሕብሪ እቶም ሰንደቓት ድማ፡ ኣገዳሲ ትርጉን መልእኽትን የመሓላልፉን ይውክሉን። ሰባት ትፈትውዎ ሕብርታት ዘርዝሩ እንተዘበሃሉ፡ ኣገዳሲ ደስ ዝብሎም ዓይነት ሕብሪ ክጠቕሱ ግድነት እዩ። ስለምንታይን ንምንታይን፡ ብኸመይን መረጽዎም ከኣ፡ ኣገዳሲ ዝፈጥረሎም ስምዒትን ጦብላሕታን ኣለዎም። ዓለምና ዘፍረየቶም ብዙሓት ብሉጻት ደረስቲ ሕብሪ ፈርዮም እዮም። ኣብ ሃገርና እንተኾነ'ውን ከምኡ። ብቅዲ ሪያሊዝም፡ ኣብስትራክት፡ ኮንተምፖራሪ ኣርት፡ ፈሎዞፊ፡ ባቲክ፡ ኮላጅ፡ ወዘተ. ድማ፡ ንፍልቀት ሓሳባዊ ድርሰቶም ብሕብሪ የዋግዑ። ወግዒ ሕብሪታቶም፡ ልብታቶም ንዘጠጅእ ወግዒታት'ዩ ዝገልጽ። ከም ብዓል ፒካሶ፡ ሚከኤል ኣንጀሎ… ዝኣመሰሉ ዓበይትን ስሙያትን ደረስቲ ሕብርታት እንተኾኑ'ውን፡ ስርሓቶም ብሕብሪ ቀስተ ደበና ዘጌጸ ምኻኑ እዩ ዝነገረሎም። ክቡራት ኣንበብቲ፡ ሕብርታት ብዙሕ ትርጉምን መልእኽትን ከም ዘለዎም ርዱእ እዩ። እስከ ካብቶም ብዙሓት፡ ሒደትን ግን ከኣ ቀንድን ካብ ዝተፈላለዩ መወከሲታት ዝረኸብናዮም፡ ንመረዳእታን ትርጉምን ወስ ከነብል።

### ብጫ

ብጫ ሕብሪ፡ ሓያል መቐታዊ ስምዒት ዝፈጥርን ዘለዓዕልን ኲይኑ፡ ንጸዓትን ትስፉውነትን፡ ንጻዕርን ባህግን፡ ከምኡ ድማ መልክዕን የመልክት። ኣእምሮኣዊ ሓይሊ የለዓዕልን የነቓቕሕን። ብሩህን ሰላቢ ቀልቢን ስለዝኾነ፡ ብቐጥታ ምስ ኩነታት ፍቕርን ድሌታትን ድማ ይተኣሳሰር። ስለዚ እዩም ሓደ-ሓደ እዋን ፍቑራት፡ ንምስጢር ርክቦን ስምቀትን ፍቕሮም ብጥበብ ሕብሪ ወርሒ ዝገልጹ። ምኽንያቱ ወርሒ ዝበዝሐ እዋን፡ ናብ ብጫ ዝኸይድ ሕብሪ ስለትውንን። ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ሕብርታት ታክሲ እንተርኢናየን'ውን፡ ጽሩይ ብጫ ሕብሪ ዝሓዛ እየን። ምኽንያቱ ብጫ ሕብሪ ምስ ተስፋን ቅሳነትን፡ ሓይልን ጸዓትን፡ ንጽህናን ሰላምን ስለዘውሰድ። ብጫ ሕብሪ ልዕሊ ዓቐን ምስ ዝኸውን ግን፡ ሃዋኽን ረባሽን ስምዒት ከም ዘለዎ ይእመን። ቀልዑ ኣብ ድሙቕ ብጫ ሕብሪ ዘለዎ ቦታ ምስ ዝኣትዉ፡ ገለ ሳዕቤናትን ስምዒታትን ስለዝፈጥረሎም፡ ከም ዝበኽዩ'ውን ይንገረሎም። መብዝሕትኦም ቀልዑ ምስ ብጫ ሕብሪ ቅድወት የብሎምን። ብኣጠቓላሊ ግን፡ ትርጉም ወህደት ጥበብ ብጫ ሕብሪ ምስ ተኣማንነትን ክብርን ዘመልክት'ኳ እንተኾኑ፡ ምስ ፍርሓትን ዝርገት መዓንጣን ኣእምሮን ዘተኣሳስርዎ ንጣር ተርጎምቲ ሕብርታት'ውን ኣይተሳእኑን። ሓደ-ሓደ እዋን ድማ፡ ከም መጠንቀቕታ ኲይኑ ከም ዝገልግል ይሕበር። ብሓፈሻ ግን ደረስቲ ብጫ ሕብሪ፡ ኣብ ዕዮ ስነ-ጥበብ ምስ ድሌት፡ ሓጎስ፡ ፍስሃ፡ ባህታ፡ ደስታ፡ ሃለኻይታን ሃንቓሃንቓን፡ ትምህርትን ከምኡ'ውን ምስ ናይ ምውናን ነገራት የዛምድዎን የተኣሳስርዎን እዮም።

### ሰማያዊ

ኣብ ዕዮ ስነ-ጥበብ ሰማያዊ ሕብሪ ብቐጥታ ምስ ሰማያትን ባሕርታትን እዩ ዝተኣሳሰርን ዝትርጎምን። ኩሉ ግዜ ድማ፡ ንእምነት፡ ርጉእነት፡ ዕምቆት፡ ልቦና፡ ሓቂ፡ ጽሬት፡ ሰላም፡ ህድኣት፡ ብልሒ፡ መንግስተ ሰማያትን ዘለኣለማውነት፡ ዘይመውት መንፈስን ቅኑዕነትን የመልክት። ሰማያዊ ሕብሪ ኣብ ሂወትና ንዘጋጥሙ ዘይርጉእነት ነገራት ዝያዳ ዘርብሕ ሕብሪ ምኻኑ እዩ ዝፍለጥ። ቀጻሊ ከኣ፡ ምስ ህድኣት፡ ጸጥታ፡ ርግኣት፡ ሰላም ይተሓሓዝ። ብተወሳኺ ንንጽህና መንፈሳውነት፡ እምነትን ዕላማን፡ ንንቕሓትን ቅንዕናን ዘይውክል'ውን ኣይኮነን። ሰባት ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚታትን በዓላትን ከምኡ'ውን ተዓዲሞም ዝገብርዎ ኣማዕረግቲ ኣልባሳት ናቱ ትርጉምን መልእኽትን ኣለዎ። ከም ኣብነት ሓደ ዝሰራሕ ድራማ፡ ፊልም፡ ደርፊ ኮነቲም ዝብሃል ነገር ኣሎ። እዚ ድማ ዳይረክተራት ምስቲ ቦታን ግዜን፡ ዛንታን ስምዒታትን ናይ'ቲ ዝሰራሕ ዘሎ ዕዮ ጥበብ ብደቒቕ ብምጽናዕ ዝገብርዎን ዘውክልዎን መስርሕ ጥበብ እዩ። መዓስን ኣበይን፡ ብኸመይ፡ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ክዳንን፡ ኑቲ ዝንጥፈሉ ዘሎ ዕዮ ከም ዘንጸባርቕ ብጥንቃቐ ዝምረጽን ዝሰራሕን ጥበብ እዩ። ዝተፈላለዩ ኣህዛብን ነጋውስን፡ ኣበዮናይ ዘመን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ኣልባሳት ይገብሩ ነይሮምን ስለምንታይን ብዕምቀት መጽናዕቲ ዝግበር ሓያልን ርቐቕ ዝበለ ስራሕን እውን እዩ። ከም ኣብነት ንናይ 'ዝዘመን (ወለዶ) ቀርበት፡ ወይ ሓምሓም' እንተንጸባርቕ ድራማ እናሰርሓካ፡ ንዕኡ ዘመሳስል ኣልባሳት ስለዝሰኣንካ፡ ብእልቢ ጭሩሕ ምራሕ ንዓይኒ ዝደጉሑ ዘመናዊ ዝመስሉ ኣልባሳት ክትውክሎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብልክዕ እቲ ናይ ሽዑ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ሕብሪ ቀርበትን ስልማትን ናውትን ከምኡ'ውን ሜክኣብን ኣብ ልክዕ ቦታኡ ክኣቱ ኣለዎ። ሽዑ ከኣ እዩ እቲ ስራሕ ጥበብ-ጥበብ ክሸትት ዝኽእል።

### ጸሊም

ደቂ-ሰብ ንጸሊም ሕብሪ ኣብ ውክልና ፊልም ይኹን ካልኦት ነገራት ምስ ሓይሊ፡ ስልጣን፡ ግርማ፡ ክፉእ፡ ሞት፡ ሸግርን መዓትን፡ ተንኮል፡ ወጥሪ፡ ጭንቀት፡ ግርጭትን ምልክትን… ንምትእስሳር ይገልጽዎ። ብኣልእ መዳይ ምስ ሓደ ሕቡእን ዘይተፈልጠን ዘፍርሕ ሓሳብ የተኣሳስርዎ። መብዝሕትኡ እዋን፡ ጸሊም ሕብሪ ምስ ሓይሊ ስልጣን፡ ምልክት ሓዘን፡ ነድሪ ስምዒታት፡ ዓብላልነት፡ ምሕረ ፍርሕን ራዕድን ይዛመድ። ጸሊም ስእላዊ ሕብርታት ዝዀም ዝገለጽናዮም ስምዒታትን ሓሳባትን ዘውክሉ ብምዃኖም፡ ካብ ካልኦት ሕብርታት ዝተፈልየ ትርጉም ኣለዎም። ጸሊም ሕብሪ ኣርዓዲ ስለዝኾነ፡ ብዙሕ ሰብ ዘመርጾ'ውን ኣይኮነን። ንክድራ ሓይሊ፡ ቍጥዐ፡ ድንቀ'ርና፡ ከምኡ'ውን ንናይ ምስይጣን ዘለዎ ነገራት ስለዝሓቍፍ።

ንኣብነት ስነ-ጥበበኛታት ሓደ-ሓደ እዋን ንኣዝዩ ዘርዕድን ዘሰንብድን ከም ኮሮና ዝኣመሰለ ሓደገኛን ኣጽናትን ሕማም ዝገልጽ ድራማ ክሰርሑ እንተ ደኣ ኲይኖም፡ ኑቲ ከም "ኮሮና" ዘውክልዎ ገጸ ባህሪ ካብ ኩሩኹሮ እግሩ ክሳብ ጸጉሪ ርእሱ ብጸሊሎ ብምቕባእ ንሰባት፡ "ሑሕ" እናባለን ደድሕሪኦም እናኸየየን ከባህርሮምን ከሰንብዶምን እንከሎ፡ ዘውክል ዕዮ ጥበብ ክደርሱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ከኣ ብትርጉም እዚ ሕብሪ ንሓፋሽ ንምርዳእ ዝግበር መልእኽቲ ጥበብ እዩ።

### ቀጠልያ

ቀጠልያ ሕብሪ፡ ኣብ ህይወት ደቂ-ሰብ ምስ ከባቢኦም ምትእስሳር ንህርፋን፡ ሓምላይ፡ ህንጡይነት፡ ፍርያምነት፡ ምሕዳስ፡ ምዕባለን ዕብየትን ዘመልክት ጥበብን ትርጉምን ኣለዎ። ምስ ድሕነትን ስምምዕን ስምዒታት ብምትእስሳር ከኣ፡ ንሓይሊ ውዳበን ተበግሶን ይገልጽ። ቀጠልያ ናይ ምፍዋስን ምምሕያሽን ትልምታት ጉዕዞ ህይወት'ውን ይትርጉም። ብሓፈሻ ግን፡ ቀጠልያ ንርጉእነትን ተጻዋርነትን ኣጣሚሩ፡ ንገስጋሳዊ ዕብየትን ለውጥን ዝገልጽ ተፈታዊ ሕብሪ እዩ። ሰባት ንቐጠልያ ሕብሪ፡ ናይ ተበገስን ቀጻልን ምትብባዕ ገይሮም ይገልጽዎ።

### ቀይሕ

ብተወሳኺ ቀይሕ ሕብሪ፡ ኣብ ውክልና ስነ-ጥበብን ትርጉሙን እንተ ደኣ ርኢናዮ ንዕግርግርን ሽግርን፡ ሓዊ፡ ደም፡ መስዋእቲ፡ ንመከራን ጭንቅን፡ ልዑል ጸቕጥን ሓደጋን፡ ንውግእ፡ ሓይሊ፡ ወራር፡ ጥፍኣትን ዕንወትን፡ ቀራጽነትን ትርን፡ ኣበራብርን ኣተባብዕን ብሓፈሻ ፍናን ዝህብን፡ ብርቱዕ ስምዒትን ባህግን ከምኡ ከኣ፡ ንተምሳጥ ፍቕሪ ይገልጽ። ብኣጠቓላሊ ቀይሕ ሕብሪ፡ ንጠንቂ ምትንኳይን ምትኽታኽን ነገራት ይውዕል። እዚ ሕብሪ'ዚ መብዝሕትኡ ግዜ፡ ምስ ሓደጋ ጸዓትን ሓይሊ መብራህትን ትራፊክን፡ ልዑል ቮልተጅ ኤሌክትሪካዊ ነገራትን፡ ንዛልሃልታ ባርዕን ይገልጽ። ኣብ ትያትራዊ መድረኻት ድማ፡ ብኸምዚ ትርጉም'ዚ ይውከል።

### ብርቱኳን

ብርቱኳን ንዓይኒ ሰባት ውዑይ ሕብሪ እዩ። ስለ ዝኾነ፡ ናይ ዋዕን ዘቓጽልን ሃለኻይታ ስምዒት ይህብ። ብርቱኳን ኣተባባዒ፡ ኣበራታዒ፡ ናይ ተጻዋርነት ስምዒታትን ሓይልን ይህብ። እዚ ሕብሪ'ዚ ኣብ መንእሰያት ልዑል ተቐባልነት ዘለዎ እዩ። ከም ለሚንን ኣራንሽን ዝኣመሰሉ ሕብሪ ፍረታት ብምዃኑ ድማ፡ ምስ ፍረሽ መግብን ጽሩይ ጥዕናን ከኣ ይተሓሓዝ። ብሓፈሻ ግን፡ ንብርቱኳን ዘወሃቦ ትርጉም ብዙሕ'ኳ እንተኾኑ፡ ንጸዓት፡ ፍስሃ፡ ደስታ፡ ንሓጎስን ጸሓይ በርቅን፡ ንተገዳስነት፡ ውዕዉዕ ተመስጦን፡ ንስሕበትን ምምራኽን፡ ፈጠራን ባህግን፡ ንዓወት ንምንቕቓሕን ዝገልጽ ቀስቃስን ተሃራፊን ሕብሪ እዩ።

### ጻዕዳ

መብዝሕትኡ ግዜ ስነ-ጥበባውያን ኣብ ድርሰት ሕብርታቶም፡ ንጻዕዳ ሕብሪ ምስ ብርሃን፡ ተስፋ፡ ንጽህና፡ ጥጡሕ ህይወት፡ መልክዕ፡ ድንግልና፡ ጽሬት፡ ሓቂ፡ ግርህነት፡ ሰላም፡ ድሕነት፡ ፍጹምነት የተሓሕዝዎ። ብኻልእ መዳይ እዚ ሕብሪ'ዚ ንዓወትን ቅንዕናን፡ ንጽፈትን መጻእን፡ ሰላምን ብልጽግናን፡ ንናጽነትን ቅሳነትን… ዝኣመሰሉ ትርጉም ቋንቋ ሕብሪ ዝገልጹ ጥበባት እዮም። ስለዚ ብዙሓት ስነ-ጥበባውያን ኣብ ድርሰት ኣተሓሳስባኦም ዝተፈላለየ ርድኢታት ክህልዎም ዝኽእል'ኳ እንተኾኑ፡ ብተናጸል ክርአ እንከሎ ግን፡ ቋንቋ ትርጉም ናይዞም ሕብርታት ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ እዩ። ንሓድሕዶም ምስ እንሓዋወሶም ግን፡ ዝተሓናፈጸ ካልእ ወሁድ ሕብርን ትርጉምን ከም ዝህቡ ምፍላጡ ጥራይ ኣኻሊ እዩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ ሂወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ሄል ደባይዋ |
| 15:10 | ዶክመንታሪ |
| 15:50 | ፓናሮማ |
| 16:15 | ሞዛይክ (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ (2ይ ክፋል) |
| 19:20 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ህድግ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰለሙን ዘርኣይ ክፍለማርያም፡ ኣደይ ኣብርሃት ጉብረማስቀል ስለዝዋረረት ኣነ ጥራይ ወረሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ለምለም ተኽለ ደባሱ ብወከል ጸገሬዳ መሓሪ ካሱ ኣቦይ ተኽለ ደባስ ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 2 ህላዌት ኣሕዋተይ 1 ሓወይ ከኣ ተተካእቲን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፈሽን ሃብተ በርሀ ተኸሳሲ ኣቶ ደንደን ኪዳነ ሃይሉ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን22/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኻኑ ንሕብር።

ተኸሰስቲ ኣቶ ናህም እስክንድር፡ ሄርሞን እስክንድር፡ ግዘፈ መንግስ ዛይድ ተኽልዩ፡ ኣሮን ተኽልዩ፡ ምስሪ ተኽልዩ፡ ኣማኑኤል ተኽልዩ፡ ንዓኹም ዝምልከት ክርክር ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ቅረቡ።

ከሳሲ ቀሺ ጊዮርጊስ ገብረስላሴ በይኑ ተኸሰስቲ 2.2 ኣለን ዘርኣ 4.2 ኣቶ ኣሌክሳንደር ዘሚካኤል 4.3 ወ/ሮ ሰናይት ዘሚካኤል 5.4 ወ/ሮ ሸዊት ዘሚካኤል 5.4 ኣቶ ኣብርሃም ዘሚካኤል 5.5 ኣቶ በረኸት ገብረስላሴ በይኑ ኣብ ልዕሌኹም ንምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምኻኑ ንሕብር።

ከሳሲት ማኮዳ የማን ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ዕርዶም ምሕረትኣብ ዓንደ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኻኑ ንሕብር።

1.1.1 ሰላም ሃይለ ገ/ሄር፡ 1.1.3 ሚካል ሃይለ ገ/ሄር፡ 3. ዝፋን እምባዬ 4. ኣድያም ጺጋይ፡ 5.1 ሄለን ኣካሉ፡ 5.3 መድሃኔ ኣካሉ 8.1 ኤልሳ ጸሃየ ገ/ሄር 8.2 ኣስማይት ጸሃየ፡ 8.3 ገበሎት ጸሃየ 8.4 ሰዘ ጸሃየ 9.1 ጺጋይ የናስ 9.2 ኣዳ የናስ፡ 9.4 ኤፍሬም የናስ 9.5 ዳናይት የናስ 9.6 ባርሰባ የናስ፡ ወረ/ገ/ሄር ተወልደመድህን ወረ/ፍ ኣለሚቱ መሓሪ ወ/ሮ ኣዜብ ኣረፋይነ ኣብርሃ ንምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ኣብ ልዕሌኹም ክሲ ማስረታ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከልን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምኻኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ጸገወይኒ ገብረኪዳን ደብረጸዮን፡ ብዋል ቤተይ ባርናባስ ታትዮስ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሉተሃይማኖት ገብረስላሴ ምሕጹንን ወለድና ገብረስላሴ ምሕጹን ሰረቐን መብራት ሓጎስን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 1 ህልውቲ ሓፍተይ 18 ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይን ደቂ ግያል ሓፍተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት እዮብ ተስፋደውሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሲኖስ ኣስፋው ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/04/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኻኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ መርሃዊት ዘሚካኤል ሞንኤ ብዋል ቤተይ በኩሩ ተስፋጋብር ጺጋይ ስለዝዘለሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓዚዛ ሳልሕ መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ኤደን ሳልሕ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግምጃ ገብረእግዚኣብሄር፡ ተጸዋዕቲ ኣቶ ሳህለ ሃይለሚካኤል 2. ወ/ሮ ሌላ ሃይለሚካኤል 3. ኣቶ ጎይትኦም ሃለይለሚካኤል 4. ወ/ሮ ኣኽበረት ሃጸለሚካኤል፡ ንምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምኻኑ ንሕብር።

ኣበ ኣረጋይ ኣስበዶም፡ ብዋልተ ቤተይ ጸሃይሸ ተወልደ ዘርኣሰናይ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ተማሰገን ጺጋይ ልጃም፡ ተኸሳሲት ኤደን ፍቕረ ካሕሱ፡ ናይ ሞዝዚትኦት ስልጣን ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

መኣዛ ተኽለሃይማኖት፡ ብዋል ቤተይ ወልዱ ገብረኪዳን ተወልደ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኽበረት የማን ካሕሱ፡ ወለደይ የማን ካሕሱ ዓንደብርሃንን ዘውዲ ገብረትንሳኤን ስለዝዋረሩ፡ 7 ኣሕዋት ናይ ኣዴና ከኣ 1. ኣኽበረት የማን 2. ኣረጋሽ የማን 3. እዮብ የማን 4. ሸዊት የማን 5. የርዳኖስ የማን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ትርሓስ ይሕደጎ ፍጡር፡ ወከል የርዳኖስ ዑቕባይ ፍስሃ፡ ጓልና ብርጭቆ ጎይትኦም ስለዝዋረረት፡ ውላድ ይኹን ሓዳር ስለ ዘይብላ፡ ንሕና ወለዳ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/04/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ገኑ ወልዱ በራኺ፡ ኣቶ ፍስሃ ኣረፋይነ ጦኽረን ወ/ሮ ኣስመረት የማን ተኽለሃይማኖትን ኣብ ዞ/ደ/ድባርዋ ኣብ ዞባ 02 ዝርከብ 3 ሰሩሕ ክፍልታት ዘጠቓለለ ብውህበቶ ስለ ዝሃበኒ፡ እዚ ውህበቶ ክጸድቐለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሰላት ተስፋኣም ገብረ ሳሚኤል ምባል ተረፉ፡ ሰናይት ተስፋኣም ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ሰናይት ናይዝጊ ወልዳይ፡ ብዋል ቤተይ ሓደሽ ገብረዮናስ ገብረመድህን ስለዝዘለሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ተኽለ ፍረዝጊ የውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ተኽሉ ፍረዝጊ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓንደማርያም ቀሊታ በራኺ፡ ወለድና ቀሊታ በራኺ ጎይትኦምን ስላስ ተስፋማርያም ዳውድን ስለዝዋረሩ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቶም 6 ኣሕዋት ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣድሓኑት ሃብቱ ሓጎስ፡ ብዋል ቤተይ ፍስሃ ዓንደሃይማኖት ደብረጸዮን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሳራ ማስፍን ገብረሚካኤል፡ ብዋል ቤተይ ትኳቦ ተኽሉ መሓሪ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ገብረኣምላኽ ክብሮም ተላ፡ ኣሕዋተይ 1. ለምለም ክብሮም ተላ 2. ሂወት ክብሮም ተላ 3. ሚዛን ክብሮም ተላ 4. ሕርይቲ ክብሮም ተላ፡ ብዕለት 17/06/2002 ብቁ.መዝ 191/2002 ኑቲ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 04 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብውርሻ ዝበጽሓና ብቁ/ምክንር ወረቐት 303 909 መወከሲ ቁጽሪ 301493 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ቤ/ፍ ዞ/ማ/ከረን ቀሪበን ብህያብ ዝሃባኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣቶ ኣብርሃም ገብረሂወት በርሀ፡ ኣደይ ለታይ ተሰማ ኪዳነ ስለዝዋረረት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረተያ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣልማዝ ካሕሳይ ተስፋማርያም፡ ኣደይ ወ/ሮ ዘፋን ካሕሳይ ተስፋምርያም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ወረሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ራህዋ ኣያብ ሃይሉ፡ ብዋል ቤተይ ሃብተያም ተከኤ ፍትዊ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ሓደስቲ መጽሓፍቲ


NEW BOOKS


ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ

(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. Brush up your Progress in High school (Natural Science Stream): English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.

2. Brush up your Progress in High school (Social Science Stream): English, Maths, Geography, History, Business & Economics.




ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡

- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መለማመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሰምራዊት መለስ

## GLOBE CORE INDUSTRIES (PTY) LTD (ERITREA BRANCH)

### VACANCY ANNOUNCEMENT

Globe Core Industries (pty) ltd is inviting applicants for the following position:

1. Position: Underground Electrician

Number required: one (01)

Key Duties and Responsibilities

- Trade test qualification on electrical
- Working on high and low voltage systems
- Fault finding on electrical ac and dc grid
- Installing and wiring electrical panels
- Termination on HT and HV cables
- Reading electrical schematic and drawings
- Be able to draw up schematic electrical drawings for projects
- Quality control
- Performing Preventative maintenance, and troubleshooting of electrical equipment, including conveyors.

Essential Requirements

- Technical Skills: Strong understanding of electrical theory, power distribution, and PLC control systems.
- Physical fitness: Ability to work in confined, dark, and physically demanding underground conditions.
- Flexibility: Capability to work rotating shifts, including nights and weekends
- Safety:Risk assessment, safety oriented, and effective time management skill
- Collaboration: Able to share knowledge and skills with local workforce

Qualifications:

- Technical College in Engineering Studies
- National N1,N2, and N3 in Electrical and Electronic Engineering
- Additional training or certification in Electrical mining equipment or underground equipment repair is preferred

Knowledge and Experience

- Minimum of 5 years of experience in mining maintenance field as Electrician, including 3 years of experience on underground equipment.
- Ability to identify electrical problems and apply diagnostic methods to achieve satisfactory results.
- Proven ability to read and interpret standard electrical blueprints, schematics, technical drawings, parts books, and service manuals (including specifications).
- An ability to identify, organize and use resources effectively to complete tasks with due regard to cost, quality, safety, and environmental impact.
- Acceptable knowledge of underground safety and work execution.

General Information

Place of work: BMSC Sites

Type of contract: Indefinite Period

Salary: As per the Company Salary Scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/Last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender
- All applications should be send through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper
- Applicants should attach Educational Documents.
- Applicants should provide letter of service from former employers
- Address: Please mail your applications to:

  Globe Core Industries (pty) ltd

  P.O.Box 7986 Asmara, Eritrea

- Applicants shall be required to send a copy to:

  Department of Mineral Resources Management

  P.O.Box 272 Asmara, Eritrea

  Aliens Employment Permit Affairs

  P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣነ ኣመልካቲት ወ/ሮ ኣብዲት ሀያይ ሓይልዝከኤል፡ ብውዕል ማሸጣ ማሰረት ወረ/ ነፍ/ሄር ሰቡ ዘሙይ ኣደንይ ወ/ሮ ሉተኪዳን ዘሙይ ኣደንይ +21 ብዕለት 02/05/2014 ዓ/ም ዝፈጸምናዮ ውዕል ማሸጣ መተኣማመኒ ሰድ፣ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ከብ.ዘ/ዘፓ ኮድ ጸጸራት 01/1A127 ፓርሰል ASP00025065 መለለዩ ገዛ ASD00022579 ቁ ገዛ 30 ስፍሓት ስሩሕ ገዛ 42.51 መለለዪ ቁ.ንብረት 1BRADM0:020897 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ገዛ፡ ብውዕል ማሸጣ መተኣማመኒ ሰድ ኣነ ዓዳጊት ወ/ሮ ኣብዲት ሀያይ ሓይልዝከኤል ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ ኢሕብር፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ ኢሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣብዲት ሀያይ ሓይልዝከኤል

---

ንሕና ኣመልከትቲ፡ ነቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከብ. ኣኽርያ፡ ፍሉይ ሽሙ ምህራም ጭሩ፡ ፕሎት 87፡ ፓርሰል C ስፍሓት መሬት 200 ት/ሜ ብስም ኣቦና ነ/ሄር ያሲን ሳልሕ ዋሁብ ዝተማዝበ መዝበሪ ገዛ፡ ወረስቲ ምዃንና ብቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዘረጋገጽና፡ ስም ዋንነት ናብ ሓውና ኢብራሂም ያሲን ሳልሕ ክተሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ/ ሃገራዊ ካዳስትር ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ማስርሕ ምትሕልላፍ ከንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወኪል ሳዓድ ዓብደልቃድር ኣደም

---

ኣነ ወንድወሰን ክፍለማርያም ካሕሳይ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምም 02 (ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ) ጉደና ኣቡነ ኪዳነማርያም ቁጽሪ ገዛ 14/12 ቁጽሪ ሎታ 5 ቁ ፓርቸላ 73/74 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 108868 መወከሲ ቁጽሪ 128486/128488 ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 26503፡ 38276 ብስም ዓየይ ነፍ/ ሉተብርሃን ኣስገዶም ጋርዛ ተመዝጊቡ ዋንኑ፡ ዝተረጋገጸ ንወላዲያይ ነፍ/ ክፍለማርያም ካሕሳይ ኣስገዶም ብምትካእ ብውርሲ ስለ ዝረኸብክዎ፡ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፈቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስትርን የቕርብ፡፡


ኣቶ ወንድወሰን ክፍለማርያም ካሕሳይ

# ርእይቶ

## ፊልምታትና ኣብ መግዛእቲ ካብ ረብሓ 'ዩ-ቲዩብ' ናብ ሃገራዊ ተልእኾ

ሳሙኤል ጉብረብርሃን
ክፍሊ ኢሚግሬሽንን ዜግነትን

ፊልም ካብቲ ኣብ መንደቕ ዝንጸባረቕ ስእላዊ ምንቅስቓሳት ንላዕሊ፡ ትርግታ ልቢ ሓደ ህዝቢ እዩ። ሓደ ማሕበረሰብ ኑብሱ-ትርጉሙን ሕልሙን ቃንዛኡን ዝገልጸሉ መስትያት፡ ንወለዶታት ዝሰግር ዓቢ ውርሻ እዩ። ፊልም መዘኻኸሪ ታሪኽ፡ መድረኽ ፖለቲካዊ ክትዓት፡ ዓንዲ ሕቖ ባህልን ልዕሊ ኩሉ ድማ መለለዪ መንነትን እዩ። ስነ-ጥበብ ፊልም፡ ንሓደ ሕብረተሰብ መንነቱ ኣለልዩ፡ ክብርታቱ ዓቂቡ፡ ናብ ዓለም ዘላልየሉ ሓያል መሳርሒ።




እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሃገርና ዝፈርዩ ዘለዉ ፊልምታት፡ ካብቲ ክህልዎም ዝግባእ ሃገራውን ማሕበራውን ክብርታት ወሪዶም፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሓድሽ ዓይነት 'ዲጂታላዊ መግዛእቲ' ወዲቖም ይርከቡ።

እዚ መግዛእቲ'ዚ፡ ናይቶም ንፊልም ከም ተራ ሸቐጥ ጥራይ ዝርእዩ ወሃቢ ቻነላት ዩ-ቲዩብ (YouTube) እዩ። ስነ-ጥበብና ንጥቕሚ ውሑዳት ሰባት ተባዚሉ፡ ኣብ ትሕቲ ረብሓ 'ቪው' (Views)ን 'ላይክ'ን (Likes) ተቐሪቡ ምህላው፡ ንመጻኢ መንነትናን ንጽባቐ ጥበብናን ኣብ ዓቢ ስግኣት ዘውድቕ እዩ። ፊልም ንድሌታት ወሃቢ ቻነላት ጥራይ ኣብ ዘርዊ ደረጃ እንተወሪዱ፡ ካብ ስነ-ጥበብ እንጽበዮ ሃገራዊ ተልእኾ ደኣ መኣስ ክውቃዕ እዩ፧ ፊልም ታሪኽ እዩ፡ ፖለቲካ እዩ፡ ባህሊ እዩ፤ እዚ ረዚን ትሕዝቶ እዚ ኣብ እግሪ እቲ 'ኣልጎሪዝም' (Algorithm) ዩ-ቲዩብ ተንበርኪኹ ምህላው፡ ንመሰረት ህላወና ዘበላሽው ዓቢ ፀንቀቐት እዩ።


ፊልም ታሪኽ እዩ ክንብል ከለና፡ ንሓደ ዝሓለፈ ፍጻመ ንምዝካር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ክብርታት ኣብ ልቢ ወለዶታት ንምውቃር እዩ። ታሪኽ ብዘይ ስነ-ጥበብ መቐረት ዘይብሉ ሓቅታትን ቁጽርታትን ጥራይ ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ። ፊልም ግን ነቲ ታሪኽ ህያው ብምግባር፡ ተዓዚቢ ምስቶም ቀዳሞት ናይ ታሪኽ ጀጋኑ ክራኸብ፡ ቃንዛኦምን ዓወቶምን ክካፈል ይገብሮ። ሓደ ተዓዛቢ ብዙሓ ኩሉ መዳያዊ ታሪኽ፡ ክብርታትን ጅግንነትን ሃገሩን ሕብረተሰቡን ኣብ ፊልም ክርኢ ከሎ፡ እቲ ታሪኽ ካብ ወረቐት ወጺኡ ናብ ደሙን ስጋኡን ይሕወስ። እዚ እዩ እቲ ካብ ፊልም ዝርከብ ትምህርታዊ ሓይሊ።

ፊልም ፖለቲካ እዩ ክንብል ከለና ድማ፡ ሓደ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ኣመሓዳድራኡ፡ ብዛዕባ መሰሉን ግቡኡን፡ ብዛዕባ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝመያየጠሉን ሓሳባት ዝለዋወጠሉን መድረኽ ስለ ዝኾነ እዩ። ስነ-ጥበብ ንናይ ህዝቢ ድሌታትን ጸገማትን ድምጺ ዝኾነሉ ዓቢ መሳርሒ እዩ። ፊልም ባህሊ እዩ፤ ቋንቋና፡ ኣኮዓድናና፡ ስርዓት መርዓናን ቀብርናን፡ ብሓፈሻ ድማ እቲ ንዓና ካብ ካልኦት ፈልዩ "ንሕና" ዘብለና ክብርታትና ዝዕቀበሉ ሃብቲ እዩ። ሓደ ህዝቢ ባህሉ እንተጠፊኡ፡ መንነቱ ይሃስስ። ፊልም ድማ ነዚ ባህሊ'ዚ ካብ ምጥፋእ ተኸላኺሉ ናብ መጻኢ ወለዶ ዘሰጋግር ድልድል እዩ። እንተኾነ ግን፡ ሎሚ እዚ ኩሉ ረዚን ተልእኾ ተሳዒሩ፡ ኣብ ክንድኡ እቲ "ጁ-ቲዩብ ዝጥዕም" ፍርያት ቦታ ሒዙ ይርከብ። እቶም ወሃብቲ ቻነላት ንፊልም ከም ስነ-ጥበብ ዘይኮነስ ከም ሓደ ክዕሽግን ክሸየጥን ዝኽእል ፍርያት ጥራይ እዮም ዝርእዩዎ። ንሳቶም ንስነ-ጥበብ ብናይ ገዝኡ ሚዛን ጥራይ ክልክዕዎ ከለዉ፡ እቲ ጽባቐ ጥበብ ይሃስስ፡ እቲ ረዚን ትሕዝቶ ድማ ይሃጥም።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዝበዝሑ ስነ-ጥበበኛታትና፡ ኣብ ትሕቲ ድሌት ወሃብቲ ዩ-ቲዩብ ቻነላት ተቖጺዶም ኣለዉ። እቶም ወሃብቲ ቻነላት ንደረስትን ዳይረክተራትን ጸቕጢ ብምግባር፡ "ሰብ ዝፈትዎ" ብዝብል ምስምስ ሳግጺ ዝመልኦ ቁምነገር ዘይብሉ፡ ወይ ድማ ወሲባዊ ስምዒት ዘለዓዕል ትሕዝቶታት ጥራይ ክሰርሑ ይግድድዎም ኣለዉ። እዚ ድማ ኑቲ ናይ ፈጠራ ናጽነት ስነ-ጥበበኛታት ቀቲልዎ ይርከብ። ሓደ ስነ-ጥበበኛ ንዓመታት ደኺሙ ዘዳለዎ ዓሚቝ ስራሕ፡ ብሰንኪ ሰሰዐ ወሃብቲ ቻነላት ዋጋ ምስ ዝስእን፡ እቲ ክብሪ ጥበብ ናብ ተራን ዘይረብሕን ንግዲ ይቕየር። ፊልምታትና ኣብ ክንዲ ብዓሚቝ ምርምርን ብሉጽ ስክሪፕትን ዝሰርሑ፡ "ሎሚ መዓልቲ ክንደይ ክፋል (Episodes) በጺሕና?" ኣብ ዝብል ውድድር ኣትዮም ኣለዉ። እቲ ቀንዲ ዕላማ ጽባቐ ዘይኮነስ ብዝሒ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ድማ ኑቲ ስነ-ጥበብ ከም "ቅልጡፍ መግቢ" (Fast Food) ገይሩዎ ኣሎ። ብቕልጡፍ ይሰራሕ፡ ብቕልጡፍ ይብላዕ፡ ብቕልጡፍ ድማ ይርሳዕ። ሓደ ስነ-ጥበበኛ ንታሪኽ ሃገሩ ወይ ንማሕበራዊ ጸገማት ዝድህስስ ፊልም ክሰርሕ እንተደለየ፡ ካብቶም ወሃብቲ ቻነላት ዝወሃቦ መልሲ ተስፋ ዘቑርጽ እዩ። እዚ እዩ እቲ ጭብጥ መግዛእቲ! ስነ-ጥበብ ብገንዘብ ክእሰር ከሎ፡ ኑቲ ናይ ሓቂ መንነቱን ነፍሱን የጥፍእ።

ኣብ ትሕቲ እዚ መግዛእቲ እዚ ምቕጻል ጉድኣቱ ኣዝዩ ሰፊሕን ንዋሕ እዋን ዝጸንሕን እዩ። ፈለማ፡ ጽባቐ ስነ-ጥበብ ይጠፍእ፤ ፊልምታት ንብዝሒ ደኣ እምበር ንጽባቐ ኣይኮኑን ዝሰርሑ። ሓደ ተዓዛቢ ኩሉ ግዜ ተመሳሳሊ ታሪኽ፡ ተመሳሳሊ ኣተሓሳስባን ዛንታን ስእላዊ ጽባቐ ዘይብሉ ስራሕን ምስ ዝርኢ፡ ኣብ ስነ-ጥበብ ሃገሩ እምነት ይስእን። እምነት ምስ ጠፍአ ድማ፡ እቲ ዓውዲ ይፈርስ። ስነ-ጥበብ ብዘይ ተዓዛቢ ህላወ የብሉን። ብተወሳኺ፡ ታሪኽን ባህልን'ውን ይጥለም፤ እቶም ዓበይቲ ታሪኽ ሃገርና፡ ክብርታትናን እንታይነትናን ጥንታዊ ባህልታትናን፡ ብሰንኪ "ገዛእቲ ኣየምጽእን እዩ" ዝብል ምስምስ ዕሽሽ ይበሃሉ ኣለዉ። እዚ ድማ ንታሪኽና ኣብ ምጥፋእ ዓቢ ግደ ይጻወት። ሓደ ወለዶ ታሪኹ ብፊልም እንተዘይተነገሩዎ፡ ካልእ ጓና ባህልን ታሪኽን ክወርሶ ግዜ ኣይወስድን። እዚ ድማ ናብ ባህላዊ ወራር (Cultural Invasion) ይመርሕ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሞራልን ስነ-ምግባርን ሕብረተሰብ'ውን ይወድቕ፤ ኣብ ዩ-ቲዩብ 'ቪው' ንምርካብ ተባዚሉ፡ ንባህሊ ሕብረተሰብ ዘይምጥን ዘይግባእ ኣዘራርባን ተግባራትን ዝርእዩ ፊልምታት ይበዝሑ ኣለዉ። እዚ ድማ ኣብቲ ተዓዛቢ ወለዶ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ህጻናትን መንእሰያትን ኣሉታዊ ጽልዋ የሕድር። መግዛእቲ ዩ-ቲዩብ ቁጠባዊ ምዝመዛ ዘስዕብ ምኻኑ ከኣ ካልእ ሕማቕ ሸነኹ'ዩ።



እቶም ቀንዲ ፈጠርቲ ጥበብ ዝኾኑ ደረስቲ፡ ተዋሳእቲን ኣለይቲን ሰኣልትን ብርሃጾም ዘፍረይዎ ረብሓ ናብቶም ወሃብቲ ቻነላት ጥራይ ክውሕዝ ከሎ፡ እቶም ሰብ ሞያ ጁባኦም ይጸድፍ። እዚ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ'ዚ፡ ተውህቦ ዝለዎም ዜጋታት ተስፋ ብምቑራጽ ካብቲ ዓውዲ ከም ዝርሕቑ ይገብሮም። ሓደ ስነ-ጥበበኛ ብጥበቡ ክናበር ምስ ዘይክእል፡ ኑቲ ዓቢ ተውህቦኡ ጉዱፉ ናብ ካልእ ስራሕ ክሰጋገር ይግደድ፤ እዚ ድማ ንጥበብን ንሃገራዊ ጸጋን ዘይትካእ ዓቢ ክሳራ እዩ።

እዚ ኩነታት እዚ እንተቐጺሉ፡ ስነ-ጥበብ ፊልም ሃገርና ናይ ውልቀ-ሰባት ደብተር ጥንካ ካብ ምምላእ ሓሊፉ ንሃገር ዘበርክቶ ዝኾነ ቁምነገር ዘይብሉ ባዶ ኮይኑ ክተርፍ እዩ። ስነ-ጥበበኛታት ካብ ናይ ፈጠራ ሃዋህው ወጺኦም ናብ ናይ ስራሕ ባሮት ይቕየሩ። ፊልም ሓደ ዓቢ ሃገራዊ ትካል ምኻኑ ተሪፉ፡ ክብረት ዘይተዋፍን ተራን ሕሰርን ናይ መሸጣ ዕዳጋ'ዩ ዝቕየር። እዚ ድማ ንመጻኢ ስነ-ጥበብና ኣብ ዓቢ ሓደጋ የውድቖ። ንሕና ንፊልም ከም ስነ-ጥበብ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ሓደ መከላኸሊ ዕርዲ መንነትና ክንርእዮ ይግባእ። እዚ ዕርዲ እዚ እንተፈሪሱ ግን፡ ባህላዊ ወራር ንምክልኻል ዓቕሚ ኣይክህልወናን እዩ። ስለዚ፡ ካብዚ መግዛእቲ'ዚ ምውጻእ ምርጫ ዘይኮነስ ናይ ህላወ ጉዳይ እዩ።

ካብዚ መግዛእቲ'ዚ ተናጊፍካ ዝርከብ ጥቕሚ ንመጻኢ ሃገርና ኣዝዩ ወሰኒ እዩ። ናጽነት ፈጠራ ምስ ዝረጋገጽ፡ ሓደ ደራሲ ወይ ዳይረክተር ካብ ጸቕጢ ወሃብቲ ቻነላት ናጻ ኮይኑ፡ ኑቲ ዝኣምነሉን ሕብረተሰቡ ዝጠልቦን ታሪኽ ብዝበቐዓት ክቕርብ ይኽእል። ንታሪኽናን ባህልናን ዝምጥኑ ብሉጻት ፊልምታት ክፈርዩ ከለዉ፡ ንወለዶታት ዝኸውን ዓቢ ውርሻ ይተርፍ፥ ንዓለም ድማ መንነትና ብዝግባእ ክላልያ ንኽእል። ስነ-ጥበበኛታት ባዕሎም ዘውንኑዎም መድረኻት (Platforms) ምስ ዝህልዎም፡ እቲ ዝርከብ እቶት ብቐጥታ ስራሕ ስነ-ጥበብ ንምምሕያሽን ንባዕሎምን ይውዕል። ብጽጡቕን ትሕዝቶን ዝበሰለ ፊልምታት እንተ ኣዳሊና፡ ኣብ ኣህጉራዊ ፈስቲቫላትን መድረኻትን ክንወዳደርን ክንዕወትን ንኽእል፡ እዚ ድማ ንሃገርና ዓቢ ክብሪ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ፊልም ከም መሳርሒ ህንጸት ሃገር ኮይኑ ክገልግል ይጅምር።

ካብዚ መግዛእቲ ንምውጻእ፡ ሰጉምቲ ጥራይ ዘይኮነስ ስትራተጂካዊ ለውጢ የድልየና። ብቐዳምነት ናይ ገዛእ ርእስና ናይ ስትሪሚንግ መድረኻት ምፍጣር የድሊ። ከም ብዓል ኔትፍሊክስ (Netflix) ዝኣመሰሉ፡ ንዓና ዝምጥኑ፡ ስነ-ጥበበኛታት ብቐጥታ ንተዓዛቢ ዘርእዩሉን ብወርሓዊ ክፍሊት ዝመሓደሩን መድረኻት ምህናጽ የድሊ። እዚ ንዩ-ቲዩብ ጥራይ ከም እንምርኮስ ዝገብረና ኩነታት ይቕርፍ። ዩ-ቲዩብ ንገዛእ ርእሱ ከም መላለዪ ክጥቀም ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን ንሱ ጥራይ ከም እንኮ ምርጫ ኮይኑ ክተርፍ የብሉን።

ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ መንግስትን ዝምልከቶም ኣካላትን መሰል ስነ-ጥበበኛታት ዝሕሉ ሕጊ ንብረት ኣእምሮኣዊ መሰል (Copyright Law) ብዝሓየለ ክትግበሩዎ ኣለዎም። ስራሕ ሓደ ስነ-ጥበበኛ ብዘይ ፍቓዱ ኣብ ዝተፈላለዩ ቻነላት ተዘርጊሖ ረብሓኡ ክምንዛዕ ክፍቀድ የብሉን። ስነ-ጥበበኛ ብርሃጹ ክኑብር ሕጋዊ ዕቑባ የድልዮ። ብዘይካ'ዚ፡ ደረስቲ፡ ተዋሳእቲ፡ ዳይረክተራትን ቴክኒሻናትን ዝሓቖፈ ሓያል ማሕበር ምምስራት'ውን ወሳኒ እዩ። እዚ ማሕበር እዚ፡ ምስ ወሃብቲ ቻነላት ኣብ ዝግበር ውዕላት ዝተወሰኑ ረብሓ ስነ-ጥበበኛታት ዘኽብር ረቛሒታት ክቕምጥ ይኽእል። ውህድ ሓይሊ ካብ ውልቃዊ ቃልሲ ስለዝሓይል። መንግስቲ'ውን ንስነ-ጥበብ ከም ሓደ ዓቢ ሃገራዊ ጸጋ ርእዩ፡ ንታሪኽን ባህልን ዝድህስሱ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ክድግፍ ይግባእ። ሃብታማት ሃገርና እውን ኣብ ስነ-ጥበብ ወፍሪ ክገብሩ ምትብባዖም ካልእ ወሳኒ ጉዳይ'ዩ። ስነ-ጥበብ ብኽልተ እግሩ ክቖውም እንተኾይኑ፡ ቁጠባዊ ደገፍን ድልዱል ባይታን የድልዮ እዩ። ፊልም ብልምዲ ጥራይ ዘይኮነስ ብትምህርቲ ክድገፍ ከም ዘለዎ'ውን ክዘንጋዕ የብሉን። ስነ-ጥበበኛታት ብዛዕባ ታሪኽ፡ ፖለቲካን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዝያዳ ምስ ዝመሃሩ፡ ትሕዝቶ ፊልምታቶም ዓሚቝን ትርጉም ዘለዎን ይኸውን። ፊልም ምውሳእ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ፊልም ምሕሳብን ምርምርን እውን እዩ።

እቲ ዝዓበየ ስልጣን ግን ኣብ ኢድ ተዓዛቢ እዩ ዘሎ። ተዓዛቢ ኑቲ ጽባቐ ዘይብሉን ንባህሉ ዘይምጥንን ትሕዝቶታት ካብ ምርኣይ ብምቑጣብ፡ ኑቲ ብሉጽን ቁምነገር ዘለዎን ስራሕ ብገዝኡን ብሞራሉን ክድግፍ ኣለዎ። ተዓዛቢ ምርጫኡ ምስ ዘስተኻኽል፡ እቶም ወሃብቲ ቻነላት'ውን ንረብሓኦም ክብሉ ባህሪኦምን ትሕዝቶኦምን ክቕይሩ ክግደዱ እዮም። ህዝቢ፡ ኑቲ ጥበብ ዝሰርሕ ስነ-ጥበበኛ ኣኽቢሩ፡ ኑቲ ንጥበብ ዝቃልል ቻነል ድማ ብምንጻግ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል። ፊልምታትና ካብ መግዛእቲ ዩ-ቲዩብ ናጻ ክወጹ ኣለዎም። ፊልም ታሪኽና እዩ'ሞ ታሪኽና ብገዝኡብ ኣይንሸጦ፤ ፊልም ፖለቲካና እዩ'ሞ ብህታ ውሑዳት ኣይንለውጦ፤ ፊልም ባህልና እዩ'ሞ ብምግወጣውታ ዩ-ቲዩብ ኣይንርኸሶ። ስነ-ጥበብ ናጻ ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ ህያብ ንወለዶ ክኸውን ዝኽእል።

ስነ-ጥበብ ፊልም ኣብ ሃገርና ኣብ መስቀላዊ መንገዲ'ዩ ዘርከብ። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዩ-ቲዩብ ተቐሪሩን ተንበርኪኹን ንመንነትናን ታሪኽናን ሸይጡ ግዝያዊ ረብሓ ክረክብ ዝመርጽ ክኸውን፧ ወይስ ኑቲ መግዛእቲ ሰይሩ ሃገራዊ ተልእኾ ዝማልእ፡ ንወለዶታት ዝሰግር ክብሪ ስራሕ ክሰርሕ፧ እቲ መልሲ ኣብ ኢድ ስነ-ጥበበኛታትን ኣብ ሕልና ተዓዛቢ ህዝብን እዩ ዘሎ። ካብዚ ዲጂታላዊ መግዛእቲ ተናጊፉ፡ ፊልምታትና መግለጺ ክብሪ ሃገርናን ሕብረተሰብናን ዝኾናሉ ግዜ ክበጽሕ ናይ ኩልና ሓላፍነት እዩ። ፊልምታትና ካብ መግዛእቲ ዩ-ቲዩብ ናጻ ምስ ዝኾኑ፡ ታሪኽና ክንዕቢ፡ ባህልና ክደምቕ፡ መንነትና ድማ ክጸንዕ እዩ። እዚ ድማ እዩ እቲ ካብ ፊልምታትና እንጽበዮ ዓቢ ሃገራዊ ተልእኾ። ስነ-ጥበብ ሓራ ክወጽእ፡ ተዓዛቢ ሓራ ክኸውን፡ ሃገር ድማ ብሰብ ሞያ ደቃ ክትከላኸል ኩልና ብሓባር ንስራሕ። እዚ ኣብ ኣስመራ ዝካየድ ዘሎ 1ይ ፈስቲቫል ፊልም፡ ንፊልምታትና ካብ መግዛእቲ YouTube ሓራ ዘውጽእ ቀዳመይቲ ጥይት፡ ንመንነትና ዘቃልሕ ሓያል ድምጺ ይኹነልና!



# ካብ ዘበናታት

ገርጊስ ፍቓድ ድራር
ዞባ ዓንሰባ

## ታሪኽ በያን - መርኣያ ብራኽ ሃገራዊ ንቕሓትን ተወፋይነትን

ብዕለት 22 መጋቢት 2026፡ ህዝብን ምምሕዳርን ን/ዞባ ሓመልማሎ፡ ምስ ኣባላት ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 96 ብምትሕብባር፡ ኣብቲ ንከተማ ከረን ንምሕራር ዝተወሰደ ተበግሶ ግን ከኣ ዘይተዓወተ ኩናት፡ ብዕለት 11 መጋቢት 1988 ኣብ ፍሉይ ኢጋጥሚ ኣብ ፎርቶ በያን 'ወክዱ' ኣብ ዝተባህለት ቦታ ብጃምላ ብጅግዝት ዝተሰውኡ 63 ተጋደልቲ ንምዝካርን ንዘኽርም ብኽብሪ ዝፍለጥ፡ ኣብ ዘመነ ክፍልታት፡ እታ ህብብትን ብስውእ ዕመር እዛዘ እትምራሕ ዝነበረትን ካልኣይቲ ክፍሊ፡ ቀንዲ ደጀና እዚ ከባቢ'ዚ እዩ ነይሩ። ኣብ ታሪኽ ፈላሚ ግጥማት ሰውራ ኤርትራ'ውን እቲ ኣብ ክረምት 1968 ኣብ ሓልሓል ዝተኻየደ ኣብ ሓደ እዋን ዝበዝሑ ተጋደልቲ ዝተሰውኡሉ ፍጻመን ንማሳኸሊ. ተባዚሉ ሬሳታቶም ኣብ ኣደባባይ ጃራ ፈያሪ ከረን ዝተሰጥሓሉን፡ ሓደ ካብቶም ዘይሃሱን ዘየርስዑን በሰላታት ታሪኽና'ዩ።



ወ/ሮ ኣምና ሓጅ

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጥሪ 1964፡ ኣብ ከባቢ በያን ሲደሪ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ብዕመር እዛዘ ዝተመርሐ ናይ ተርግእ ሰርሒት እቶም ብቖምባል ዑቕባሚካኤል ዝተመርሑ ኣባላት 'ጋለስ ዓብይ' ብዘይ መሳስመርድእ ኩሎም ዝተቐንጸሉሉ፡ ንስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሴ ዘናወጸ ሰርሒት'ውን ከም ኣካል ታሪኽ ናይዚ ከባቢ ተጠቃሲ'ዩ። በያን ካብ ሓልሓል ዝወርዱ ሰንፔሮታትን ናብ ብምለኡ ከባቢ ጀንገረን ክሳብ ሓመልማሎ ንዘሎ ቦታታት ንኽትቆጻጸር ዘኽእል ማእከላይ ቦታ ብምንባሩ፡ ቀዳሞት ተጋደልቲ ኣባላት ፈዳይንን ወሻጣዊ ሰርሒትን ዝወዳደቡሉን ዝጠበሱሉን ቦታ'ዩ ነይሩ። ህዝቢ በያን ኣብ 1980ታት'ውን ምስ ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር)ን ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ብምስራሕ ዝተፈላለየ ሰውራዊ ንጥፈታት ከም ዘካየደ ናይ ሽዑ ወደብትን ሓለፍትን ዝበሉ ተጋደልቲ ብኣድናቖት ዝምስክርዎ ሰውራዊ ንጥፈታት ብዙሕ እዩ። ግንባር ሓልሓል 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ብዘምካሉም ዝበረ ኣሃዱታት ጦርሰራዊት ዝቖመ ማእከል "መንጥር እዝ" ብምንባሩ፡ ብዙሕ ናይ ምርብራብ ግጥማት ዝተኻየደሉን ረዚን መስዋእቲ ዝተኸፍለሉን ኣዝዩ ሰፊሕ ከባቢ ዝሸፍን እዩ።

ኣብ ከባቢ ግንባር ሓልሓል እቲ ዝበዝሐ ብጾዕቂ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ግጥማት፡ ሰውራ ምስ ዓኮኸ ብፍላይ ምስ ምምጻእ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብዚ ከባቢ'ዚ፡ ድሕሪ 6ይ ወራር ጀሚሩ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ዝተኻየደ ናይ መኸተን ምርብራብን ታሪኻዊ ፍጻመታት'ዩ። ሰንሰለታዊ ኣኽራን ግንባር ሓልሓል ካብ ከባቢ ዛራ ጀሚሩ ክሳብ ከተማ ከረን ዘተኣሳስር ስለዝኾነ፡ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ እዩ።

ምምሕዳራዊ ኣቃውማ ከባቢ በያን ኣብ መድረኽ መግዛእቲ ብግዜ ስርዓታት ሃይለስላሴ፡ ደርግን ክሳብ እዋን ናጽነት ምስ ሓልሓል'ኳ ዝጥርነፍ እንተነበረ ኣብዚ እዋን'ዚ ምስ ሓዲሽ ቅርጺ ምቛም ዞባታት ሃገርና ምስ ን/ዞ ሓመልማሎ ተጠርኒፉ ኣሎ።

ሙብዝሕትኦም እቶም ኣብ መጋቢት 1988 ኣብ ዝተገብረ ርሱን ግጥማት መኸተ ከም ኣራብ ዝበሉ ዝበዩ ውጹእ-መዓት ተጋደልቲ፡ ሎሚ ድሕሪ 38 ዓመታት ኣብ ዕድመ መፋርቕ 60ታትን መጀመርያ ሰብዓታትን በጺሖም'ኳ እንተዛለው፡ እቶም ኣብ ጉድኖም እናሃለው ብጅግንነት ንዘወደቑ ብጾቶም፡ ዘወደቑሉ ታባ፡ ሰንፔሮታትን ዝተጎድቀሉም ሓወልትን ንምብጻሕ ኒሕን ሓቦን ሰኺምም'ዮም ምስ ረዚን ዝኽርም ተጓዒዞም ታባ ደይቦም።

እቲ ኣብ ፎርቶ በያን ዝተሃንጸ ምዕሩግ ሓወልቲ ብቐንዱ ብዘተበገሶን ተወፋይነትን ህዝቢ ዝተሃንጸ'ዩ። ኣብ መጀመርያ ዓመታት ናጽነት ኣብ'ቲ ከባቢ ከም ቀጣሊ ኩይናም ዝተመደቡ ኣፍሰዝር ኣብ ያዕቆብ ተሰፉ፡ እቲ ንብር ቀብሪ ከዩረኸበ ተብታቲኑ ዝበረ ሬሳታት ሰማእታት ምስ ርእዩ ኣዝዩም ጉሂዮም፡ ሽዑ ንኣመሓዳሪ ናይ ወረዳ ሊጣን ዝበረ ኣቶ ማቴዎስ ሉቃስን ካልኣት ሽማግለን ኣካበርትን ዓዲን ሒዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ን/ኣውራጃ ሓልሓል ብምኻድ፡ ምስ ኣመሓዳሪ ዝበረ ኣቶ ናይዝጊ ወልዱን ምኽትሉ ፍጹም ገረዝጊሄርን ተራኺቦም ብምዝርራብ ወግዓዊ ፍቓድ ሓቲዮምን ተፈቒዱሎምን።

ኣብ ናይ ሽዑ ወረዳ በያን ናይ ሎሚ ክቡብያዊ ምምሕዳር ለበና (ጀንገረን)፡ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ፈቐዶ ሰንፔሮታት ብግቡእ ሓመድ ኣዳም ለቢሶም ብዘናጸል ተቐቢሮም ዝበሩ ሰውኣት ብምእካብ፡ ኣብ ማእከል ዓዲ ሓደ ምዕሩግ መካቡብያ ዝተገብረሉ ልዕሊ 250 ሰውኣት ዝሓዘ መቓብር ሰማእታት ተሃኒጹ ኣሎ። ሰማእታት ወክዱ ግን ብዝተፈጥሮ፡ ኩነታት ማስዋእቶምን ብዝሖምን ዝተፈልየ ስለዝኾነ፡ ኣብቲ እዋን ማስዋእቶም ብዝጋጠመ ኣዋጣሪ ዕድል ዘይሁብ ኩነታት ከኣ፡ ግቡእ ሓመድ ኣዳም ዘይለበሱ ብምንባሮም፡ ሬሳታቶም ምስኾም ሰማእታት ብሓባር ክይተጸንበረ ብፍሉይነት ናይ በይኖም መቓብርን ሓወልትን ክግበረሎም ተወሲኑ።



ኮ/ል ኣሕመድ ዑስማን

ፍሉይነት ፍጻመ መስዋእቲ ሰማእታት ወክዱ፡ ኣብ ክ/ሰ 96 ኣዛዚ ብርጌድ 49 ዝበረ ኮሎኔል ኣሕመድ ዕስማን (ወዲ ፍሩጅ) ነታ ፍልይቲ ፍጻመ ክገልጽ ከሎ፡ "ኣብ ታሪኽ ኣሃዱና ከምዚ ዓይነት ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ክንደዚ ዓቕሚ-ሰብ ክስውኣና ኢጋጢሙ ኣይፈልጥን። ካብ ከባቢ ኣሶማጥ ገረዊት፡ ሃውሸ፡ ደብት ውልዋል ጀሚርና፡ ኣብዚ ክሳብ ንበጽሕ እናተዋጋእና ዝመጻእናዮ ብድምር ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ከንዲ ርብዒ ናይ ሰማእታት "ወክዱ" ኣይከውንን'ዩ። ኣነ ብወገነይ ኣብ ገድላዊ ተሞክሮይ እታ ኣዝዩ ዝሓዘንኩላ ጸላም ዕለት እያ - ዕለት 11/03/1988። ንዘኽሪ እዞም ምዑታት ጀጋኑ ሓርበኛታት ሰውኣትና ከምዚ ዓይነት ምዕሩግ ሓወልቲ ክህንጽ ምብቅዑ ንሕልናና ዘቖስን ስራሕ ስለዝኾነ፡ ነቲ ተበግሶ ዝወሰዱን ኣብ ግብራዊ ስራሕ ዝተሳተፉን ነበርቲ በያን፡ ህዝብን ምምሕዳርን ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ኣድናቖትናን ምስጋናናን ደረት የብሉን" ኢሉ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ወ/ሮ ኣምና ሓጅ ብወገና፡ "ኩልና ከም እንፈልጦን እንዝክሮን፡ ክብሪ ናጽነትና ንምርካብን ንምዕቃብን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ስድሪ መሬት ኤርትራ ጀጋኑ ሰማእታት ዝኸፈልናሉ ስለዝኾነ፡ ይዕበ ይንኣስ ኣኽራናት፡ ጉላጉልን ሰንፔሮታትን እንተላይ እቲ ፈታዊናን ጸላእናን ዝምስክሮ ሃብታም ባሕርና፡ ዘለዎ ረዚን ታሪኽ ጽሒፍካን ገሊጽካን ዝውዳእ ኣይኮነን። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣብ ሰፊር ጀጋኑ ሰውኣት ናይ ምብጻሕን ምትራኽብን መደባት፡ ብቐጻሊ ክቶየድን ኣብ ቦታ ፍጻመ ንዝበርና ዝኽርታትናን ሙብጽዓናን እንሕደሰሉ፡ ንሓደስቲ ወለዶ ተረኽቢቲ ሕድሪ ከኣ ፍጻመታት ገድሊ ብኣካል ብሰብ ውዕሎ ክግለጽ ከሎ ዝያዳ መቕረትን ርዝነትን ስለዝህልዎ ብኣተኩሮ ብምሓዙ፡ ከም ዓመታዊ ንግደትና ምስ መዓልቲ ሰማእታት ብምትሕሓዝ ካልእ እዋንን መደባት ብምስራሕ ኣብ መዕረፊ ቦታኦም መጺእና ሕድርና እንሕደሰሉን ሙብጽዓና እንኣትወሉን መደባት ክንካይድ እላና" ድሕሪ ምባል፡ ዝ. መደብ ክዉን ንምግባር ንዝሓሰቡን ዝወደቡን ኣባላት ክ/96 ነበር፡ ንህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ለበናን ኣባላት ክ/ሰ 34፡ ብስም ህዝቢ ን/ዞባ ሓመልማሎ ኣመስጊና።

ኣብ በሪኽ ፎርቶ በያን ተደኲኑ ዘሎ ውቁብ ሓወልቲ ሰማእታት ወክዱ፡ ተሓዲሱ ተጸጊኑ ጻዕዳ ሕብሪ ኖራ ተለኺዩ ኣብ ርእሲ ምህላዉ፡ ካብ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዝተወፈየ ናይ ጸሓያዊ ጸዓት (ሶላር) መብራህትውን ተተኺሉሉ ስለዘሎ፡ ለይትን ቀትርን ኣማዕዲኻ ዝርኣ ወትሩ ድሙቕን መሳጥን ኮይኑ ኣሎ። ምክትል ኣመሓዳሪ ንኡስ ኣውራጃ ሓልሓል ዝበረ ኣብዚ እዋን'ዚ ሓላፊ ክፍሊ ስታቲስቲክስን ጂኦግራፍያዊ ስርዓተ ሓበሬታን ዞባ ደቡብ ዘሎ ተጋ/ ፍጹም ገረዝጊሄር፡ ኣብቲ ኢጋጥሚ ተረኺቡ ኣብ ዘቕረቦ ዝርዝራዊ መደረ፡ ታሪኻዊ ህንጻ ሓወልቲ ፎርቶ በያን (ወክዱ) ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ይኹን ብደረጃ ሃገር፡ ምስቶም ድሕሪ ናጽነት ንመጀመርያ እዋን ዝተሃንጹ 5 ቀዳሞት ምኻኑ ብምሕባር፡ ታሪኽ ናብ ወረስቲ ወለዶ ንምስግጋር፡ ከምዚ ዓይነት ኣብ ታሪኻውን ጅግንነታውን ቦታታት ናይ ምብጻሕ መደብ፡ ብዝተዋሃሃደ ተወዲቡ ብዝሓየለ ክቶየድ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ብውሁድ ስራሕ ህዝቢ፡ ምምሕዳርን ኣባላት ሰራዊትን ተሃኒጹ ዘሎ ታሪኻዊ ሓወልቲ፡ እቲ ግርማኡን ክብሩን እናዓዘዘ ክኸይድን ንወሉድ-ወለዶ ክወራረሰን ክዕቀብን፡ እቲ ከባቢ ክሓዞ፡ ፈልሲ ኣግራብ ክትክለሉን ፍሉይ ክንክን ክግበረሉን ከም ዝግባእ፡ ኣመሓዳሪት ን/ዞባ ሓመልማሎ ኣዘኻኺራን ተላብዮን።

ይቕጽል







ህዝብን ተመሃሮን ናብ ቦታ ሓወልቲ ፎርቶ እናኣደዩ

# ንቕሓ ደበና

ሄለን መኸታ

## ስቕታ

### ምዝራብዶ ይኸብድ ስቕ ምባል፧

ስቕ ናይ ምባል ክእለት ተበሃጊ ክእለት ወይ ልምዲ'ዩ፣ ብፍላይ ቡቶም ብዙሕ ዝዛረቡ ሰባት። "ደቂ ሰብ ክንዛረብ ብምኽኣልና ካብ ካልእ እንስሳታት ዝማዕበልና ክንከውን ኣኽኢሉና'ዩ፡" ይበሃል። እቲ ክንዕዘብ፡ ክነስተትን፡ ክንሓትት፡ ክንመራመር፡ ወዘተ ምቹእ ሃዋሁው ዝፈጥር ናይ 'ስቕታ ክእለት' እንተ ዘይህልወና፡ ተዛራብና ኣበይ ምበጻሕና፧ ናይ ምዝራብ ክእለት ካብ ግዜ ቍልዕነት ብዝተፈላለየ ኣገባብ'ዩ ዝምልመል። ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ኣትዩ፡ ግቡእ ትምህርቲ ንወስደሉን ብዝተፈላለየ ሜላታት ከነዕብዮ ንምልመልን። ናይ ክትዕ፡ መደረ፡ ቃል ምስማዕ፡ መግለጺ ምሃብ፡ ወዘተ ክእለት ዘሎዎ ተመሃራይ ከም 'ንፉዕ' ይቑጸር። ምዝራብ ሓደ መዐቀኒ ምልከቲ ቋንቋ እዩ። ሓድሽ ቋንቋ ክንመሃር እንከለና፡ ካብ ምንባብ፡ ምጽሓፍን፡ ምስማዕን ንላዕሊ ክንዛረብ ኢና እንብህግ። ቋንቋ ክንመሃር እንከለና፡ ፈለማ ምስማዕ፡ ምጽሓፍን ምንባብን ንመሃር፣ በዚ ክእለታት ተሓጊዝና እኹል ሓበሬታ ምስ ኣከብና ከኣ ናብ ምዝራብ ንሰጋገር። እዚ ሰለስተ ክእለታት ስቕታ'ዩ ዝሓትት፡ ልዑል ኣድህቦ፡ ዝኽረትን መረዳእታን ከኣ ይጠልብ። ብምስማዕ፡ ምንባብን ምጽሓፍን ሓበሬታ ንእክብ፣ ብምዝራብ ግን ሓበሬታ ንህብ እምበር ኣይንወስድን። ስለዚ ምዝራብ እንታይ ይጠቕመና፧



ምዝራብ ኣዝዩ ንቡር ንጥፈት ሰብ እዩ፣ መዓልታዊ፡ ብብዝሒ፡ እነዘውትሮ ንጥፈት። ሓደ ንጥፈት፡ ናብ ልምዲ እንተ ተሰጋጊሩ ከኣ ኣእምሮና ክሕእስ ብኣይግደድን'ዩ። ብዓሚቕ ሓሳብ ዘይተሰነየ ዘረባ ብውልቂ ደረጃ ሓሊፉ፡ ንሕብረተሰብን ዓለምን ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ጀምሩ ይርከብ። ኣታዊታተን ጥራይ ዘገድሰን ማዕከናት ዜና ከኣ ነቲ "ዝበሃልን ዘይበሃልን" ከይመመየ ሌፍ ክብል ዝውዕል ሰብ ዘዝተዛረቦ እናኣጋውሓ፡ ኣብ ዘይውዳእ ዓንኬል ዘረባ ሸንኮለል ኩብላና ይውዕላ ኣለዋ። ናይ መባእታ መምህረይ "ዘረባ እንተ'ሎ ስራሕ የለን!" ይብለና ነይሩ። ቅድሚ ዘመነ ሓበሬታን ተክኖሎጅን፡ ዝዛረብ ሰብ ውሑድ፡ ጽን ኢሉ ዝሰምዕ ከኣ ብዙሕ ነይሩ። ብኡ ምንጽር ከኣ ዝዝረብን ዝስማዕን መጠነኛ ነይሩ። እቲ ዝዛረብ ሰብ'ውን ንኽዛረብ ዝረኸቦ ዝነበረ ዕድል ውሑድ ምስ ምንባሩ፡ እቲ ክዝረብ ዝግብኦ ጥራይ እዩ ዝዛረብ ዝነበረ። ሕጂኸ? ኣብ መራኸቢ ብዙሓንን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ወጺኡ ዝዛረብ ሰባት ንምንታይ ይዛረብ ኣለዉ፧

ንምንታይ ንዛረብ፧ ምዝራብ ምርጫ ድዩ፧ ኮንዮ'ቲ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ንምምራሕ ክንዛረብ ዘገድድ፡ ካልእ ብዙሕ ምኽንያት ናብ ዘረባ የምርሓና እዩ።

ሓደ፤ ጸቕጢ ኣእምሮ እዩ። ገለ ሰብ ምስ ተጨነቐ ብዙሕ ይዛረብ፣ ገለ ከኣ ስቕ ክብል ይመርጽ። መተዓልልትና ዝብልዎ ከይሰማዕና ንዛረብ እንተ ሃሊና፡ ምልክት ናይ ጸቕጢ ኣእምሮ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ክልተ፡ ንኻልኦት ክንስሕብ እንገብሮ ዘረባ እዩ። ዘረባ፡ ኣተሓሳስባና፡ እምነትና፡ መደባትና፡ ክእለትና... ዘላሊ መገዲ'ዩ። ስለዚ ብዘረባ ኣቢልና ኻልኦት ሰባት ክንማርኽ ንጽዕር ኢና። ዘረባ ግን ሓቂ ኣሎ ሓሶት ከኣ ኣሎ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ብዘረባ ዝንገር ክእለት ይኹን ኣተሓሳስባ ዘተኣማምን ኣይከውንን። ይኹን እምበር ንገለ ሰባት ንግዚኡ ከተዕሽወሉ ይሕግዝ እዩ።

ሰለስተ፤ ወልፊ ዘረባ ምስ እነዕቢ እዩ። ዝኾነ ሰብ ወልፊ ዘረባ ከዕቢ ዝተቓለዐ እዩ። ካብ ግዜ ቍልዕነትና ጀምሪና ብስርዓት ይኹን ብዘይ ስርዓት ክንዛረብ ስለ እንምልመል ወልፊ ከነጥሪ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ካብ ብብዝሒ፡ ንነዊሕ ግዜ ምዝራብ፡ ጭዋዳታትና ከይተረፈ ናይ ምዝራብ ልምዲ የሕድሩ እዮም። ኣብ ገለ እዋን ክንዛርብ ዋላ ኣይንድለ ኣፍና ይስዕረና። ዋላ እንተ ዘይተዛረብና፡ ድምጺ ግን ነምሉቕ ኢና። ኣብዚ ግዜ'ዚ ከኣ ብቐንዱ ብሚድያን ተክኖሎጅን ተዓቢልና ስለ እንርከብ፡ ኣብ ዘረባን ዝዛረቡ ሰባትን ክንግድስ ግድን እዩ። ክንዛረብ ዝደፋፍእ ብዙሕ ምኽንያት ኣብ ከባቢና ክሳብ ዝሃለወ ከኣ ነቲ ዓለም ክንጽንበሮ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

ናይ ምዝራብ ክእለት ከነዕብየሉ ዝሕግዝዝን ዝመክርን ጽሑፋት፡ ካብቲ ስቕ ክንብል ዝሕግዝ ጽሑፋት ብብዝሒ ይጸሓፍን ይንበብን። ንሰዓታት ክንዛረብ ኣይጽግመናን፡ ንደቓይቕ ስቕ ክንብል ግን ዓቕብ ይኾነና። ኣብ ሓደ ትምህርቲ፡ ሓደ መምህር፡ ክብድ ዝበለ ሕቶ ሓተተ እሞ፡ ተመሃሮ ከኣ መልሲ ክሳዕ ዝመራመሩሉ ግዜ ወሰዱ። ድሕሪ ገለ ግዜ፡ ሓደ ተመሃራይ ኢዱ ዊጢ ብምባል መልሲ ነገር። እታ መልሲ ግን ቅኑዕ ኣይነበረን። እቲ መምህር ነቶም ተመሃሮ ንኽሓስቡ ክንደይ ግዜ ከም ዝወሰዱ ሓተቶም። ገለ "ሓሙሽተ ደቒቕ፡" ገለ "ሽዱሽተ፡" ካልእ ከኣ ልዕሊኡ በሉ። እቲ ዝወሰድዎ ግዜ 30 ካልኢት እዩ ነይሩ። ክንዛረብ እንከለና ግዜ ዝኸይድ ኮይኑ ኣይስመዓናን እዩ፣ ኣብ ስቕታ ግን ግዜ ምኻድ ይኣቢ። እዚ ስምዒት'ዚ፡ ምስ ስቕታ ዘሎና ሓርፋፍ ዝምድና ክገልጽ ይኽእል እዩ። ኣብ ዝበዝሐ ኣጋጣሚ ምዝራብ እቲ ዝበለጸ መፍትሒ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓና። ካብ ስቕ ክንብል፡ ጌጋ ክንዛረብ ወይ ምስቲ ኣርእስቲ ዘይዛመድ ሓበሬታ ክንህብ ንመርጽ። ከም ንቡር፡ ካብ ምዝራብ ንላዕሊ ስቕ ምባል ክቐልል ይግብኦ ነይሩ። ይኹን እምበር ንነዊሕ ግዜ ክንዛረብን ግብረ መልሲ ክህብን ስለ ዝተዓምና ስቕ ምባል እቲ ዝኸበደ ኮይኑ ንረኽቦ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ከኣ ክንዛረብ ዝደፋፍእ ኩነታት እናበዝሐ ይኸይድ ምብህላዉ ብዘይ ምቍራጽ ክንዛረብ ንረኣ ኣለና። ኣብ ዝርርብ፡ ሓደ ክዛረብ ከሎ እቲ ካልኣይ ወይ ዝተረፉ ሰባት ክሰምዑ'ዩ እቲ ቅኑዕ ወይ ትጽቢት ዝነበረ። ዘሎ ኩነት ግን ዝበዝሐ ሰብ ኩሉ ግዜኡ ኣብ ዘረባ የሕልፎ ኣሎ። እዚ ከኣ ንመስርሕ ምብህሃል፡ ምህናጽ መረድእታ፡ ምምሃርን ምስትምሃርን... ብኣሉታ ዝጸሉ ረቛሒ ኮይኑ ይርከብ።

## ስቕታ ሓይሊዶ ድኻም፧

**ስቕታ፡ ኣድህቦን ንጻረ ኣእምሮን ይውስኽ፣**

ስቅታ፡ ዕዮና ብዝለዓለ ደረጃ ከነሰላስል ዝኽእል ጥበብ እዩ። ኣብ ቢዝነስ ዓለም ዕዉት ዝኾነ ቪጃይ ኣስዋራን፡ ዝውስኖ ዓበይቲ ውሳነታት ብዕምቆት ክሓስበሉ፡ ኣፍራይነቱ ከዕቢ፡ ካብ ጌጋኡ ክመሃርን ውጥኑ ከመሓይሽን፡ እቲ ነፍሲ ወከፍ ንግሆ ዝሕልፎ ናይ ምስትንታንን ጸጥታን ግዜ ከም ዝጠቐሞ፡ ኣብ መጽሔት 'ፈርብስ፡' ይገልጽ።

**ብልሒ ኣእምሮን ብድሆ ናይ ምፍታሕ ክእለትን የበርኽ፣**

ኣብ ዓለምና ውሩያት ዝኾኑ ስነ ፍልጠታውያን ከም በዓል ኣልበር ኣንስታይን፡ ኣይዛክ ኒውተን፡ ካልኦትን፡ ዝበዝሐ ግዜኦም ብስቕታ ከም ዘሕልፍዎ፡ ክሰርሑ እንከለዉ ከኣ ንበይኖም፡ ጽምጺ ኣብ ዘይብሉ ቦታ ኮይኖም ክሰርሑ ይመርጹ ከም ዝነበሩ ይንገር። ኣእምሮና ብህድኣት ክሰርሕ እንተ ኮይኑ ዝርብሾ ድምጺ ወይ ዘረባ ክህሉ ኣይምረጽን። ምኽንያቱ፡ ድምጺ ወይ ዘረባ ምስ ዝህሉ፡ ኣእምሮና ነቲ ብድምጺ ዝወሃብ ዘሎ ሓበሬታ ኣብ ምእካብ ብምውፋር፡ ካብ ስራሑ ክጓናደብ ስለ ዝኽእል።

**ስቕታ፡ ዓቕሊን ህድኣትን ብምብራኽ ጸቕጢ ኣእምሮ ይንኪ፣**

ስነ ፍልጠታዊ መጽናዕትታት ከም ዝሕብሮ ስቕታ ወይ ጸጥታ፡ ካብ ሙዚቃ ንላዕሊ ንኣእምሮ ከዛኒ ይኽእል። እዚ መጽናዕትታት፡ ስቕታ፡ ዓቐን ምንዛዕ ከለስትሮል ከጐድልን ጸቕጢ ኣእምሮ ክንክን ልዑል ተራ ከም ዝጻወት ይሕብር።

**ሰላምን ጥዕናን ኣእምሮ የበርኽ፣**

ኣብ ዩኒቨርስቲ ዱክ፡ ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣብ መዓልቲ ንኽልተ ሰዓት ስቕ ወይ ጸጥ እንተ ኢልና፡ ኣብ ሂፖካምፓስ ዝብሃል ክፋል ሓንጐልና ዝርከቡ ሃዋዮታት ኣእምሮ ከዕቢ ከም ዝኽእል ዘእንፍት ውጽኢት ተረኺቡ። ኣእምሮና መምስ ዝመጽእ ሓበሬታ ቀልባዕባዕ ክብል ኣዝዩ ስለ ዝሃልኽ፡ ውሑድ ሰዓታት ናይ ጸጥታ፡ ጥዕናኡ ክሕድሶን ናብ ንቡር ክመልሶን ይሕግዝ።

**ዝምድናታት የሐይል፣**

ሓያል ዝምድና፡ ብዘረባ ዘይኮነ ጽን ኢልካ ብምስማዕ'ዩ ዝህነጽ። እዚ ክእለት ከኣ ኣብቶም ብዘይ ምቍራጽ ዝዛረቡን "ኣነ ጥራይ ክሰማዕ ኣሎኒ፡" ዝብሉን ሰባት ኣይርከብን እዩ። ስቕታ፡ ልክዕ ከም ክልተ ብልሒ ዘሎዎ ሴፍ እዩ። እወታዊ ሸነኹ እንተ ተጠቒምናሉ ሓያል ምትእስሳር ክንፈጥር የኽእል። ከም መቕጽዒ እንተ ተጠቒምናሉ ከኣ ሓደገኛ ጽልዋ ኣሎዎ።

## ኣብ ስቕ ዘሎ መሰቓስቕ

ስቕ ዝበለ ሰብ እንታይ ኮይኑ ይስመዓና፧ "እንታይ ይሓስብ ኣሎ" ኢልና ዶ ንሸገር፧ ስቕታ ኣብ ዝበዝሐ እዋን፡ ጌጋ ትርጉም'ዩ ዝወሃቦ። ሰብ ክዛረብ ምስ ጀመረ፡ ዋላ ደኣ ምሉእ ምሉእ ኣይኹን፡ ገለ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓሳቡ፡ ስምዒቱን መረዳእታኡን ክንእክብ ንኽእል ኢና። ስቕ ዝበለ ሰብ ግን ንኽትግምቶ ኣጸጋሚ እዩ። ሰባት ብተፈጥሮና ዘይንፈልጦ ነገር ኣመና ስለ ዘፍርሓና፡ ንስቕታ ካልእ ሰብ ብኣሉታ ክንትርጉሞ ንረአ። ብዛዕባ'ቲ ስቕ ዝብል ሰብ፥ ባህሪኡ፡ ኣተሓሳስባኡን ልምዱን ኣቐዲምና ምስ እንፈልጥ ንምቕባሉ ኣይንሸገር ኢና። እንታይነት ናይ ስቕ ዝብል ሰብ ምስ ዘይንፍልጥ ግን ንስቕታኡ ብዓይኒ ጥርጣረ ንርእዮ። ስለዚ፡ ስቕታ እንጸልኣሉ ምኽንያት፡ ነቲ ብዘረባ ክንረኽቦ እንደሊ ሓበሬታ ክንረኽቦ ስለ ዘይከኣልና እዩ።

ስቕ ዝብል ሰብ፡ "ይዕዘበና ኣሎ፡" ኢልና ካብ ምሕሳብ ዝተበገሰ፡ ብዛዕባ እንብሎን እንገብሮን ነገራት ከም እንመራመርን ብዛዕባ ነብስና ከም እንጠራጠርን ይገብር። ንሱ ብዛዕባና ብዙሕ እናፈለጠ ንሕና ግን ዝኾነ ሓበሬታ ክህልወና ብዘይ ምኽኣሉ፡ ከም ነብሰ ምቅላዕን ድኽመትን'ውን ንወስዶ ኢና። ስቕታ፡ ኣብ መስርሕ ምብህሃል ኣሉታውን እወታውን ጽልዋ ኣሎዎ። ንሕና እናተዛረብና እቲ ካልኣይና ክሰምዕ ኢሉ ስቕ ምስ ዝብል ሓጋዚ እዩ። ኩሉ ዘረባ ንሕና ጥራይ ክንዛረቦ፡ ንሱ ስቕ ኢሉ ዝሰምዕ ጥራይ እንተ ኾይኑ ግን ጽቡቕ ስምዒት ኣይህብን። ከም ምንዓቕ፡ ምስልቻው፡ ዘይምግዳስ፡ ጽልኢ፡ ... ክንትርጉሞ ይድርኽ እዩ።

ብምዝራብ ኣቢልና ብዛዕባ ሓሳብና፡ እምነትና ድሌትናን መደባትናን ኢና እነካፍል፣ እዚ መስርሕ ከም እምነት ምህናጽ ይሕሰብ እዩ። ነዚ መስርሕ ክልተኡ ኣካል እንተ ዘይተሳቲፍዎ፡ ከም ክትሓብእ ምድላይ፡ ዘይምቕራብን ዘይምትእምማንን ክትርጎም ይኽእል። እዚ ኩሉ ትርጉም ግን መምስ ኩነታትን ዓይነት ዝምድናን ከም ዝፈላለ ምስትብሃ የድሊ። ሓደ ኣዝዩ ተዛራቢ ዝነበረ ሰብ ስቕ ክብል ምስ ዝጅመር፡ ኩነታቱ ክሰክፈናን ክንሓትትን ንቡር እዩ። ንመጀመርያ ግዜ ንዝተላለናዮ ሰብ ግን "ምናልባት ባህሪኡ ክኸውን ይኽእል፡" ኢልና ሸለል ክንብሊ ንኽእል። ገለ ሰብ፡ ኣብ እኩብ ሰብ ዘለዎ ዘይዛረብ፡ ብሕት ኢልካ ምስ ኣዕለልካዮ ግን ኣፍካ ዘየኽድን ኣሎ። ገለ ከኣ ዘረባ ዘይፈቱ ክነሱ ብሰንኪ ስራሑ ክዛረብ ዝግደድ ክህሉ ይኽእል፣ ካልእ ከኣ ዘዛርብ ምኽንያት ይሃልዎ፡ ኣይሃልዎ፡ ኣብ ዝተረኽበ ዕድል ክዛረብ ጥራይ ዝደሊ ኣሎ። ስቕታ ዘስተማቐረ ሰብ ግን ዳግማይ ክዛረብ ከም ዘይደሊ ናይ ኣስተንትኖ መምህራን ይገልጹ። ንሕናኸ፧

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ብኣመሪካ ንዝቐረበላ ‘እማመ ምቁራጽ ተጻብኦ’ ነጺጋቶ

ኢራን፡ ነቲ ኣብ መንጎኣ፡ ኣመሪካን እስራኤልን ዝቕጽል ዘሎ ኩናት ደው ንምባል ብኣመሪካ ዝቐረበላ እማመ ከም ዝነጸገቶ፡ ሓደ ምስቲ ጉዳይ ቀረባ ዝኾነ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ኩናት ደው ንምባል ባዕሉ ከም ዝወሰኖ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቲ ኩናት ደው ክብል እንተ ኾይኑ፡ ቅድም ኢራን ዘቕረበቶም ቅድመ ኩነታት ክማልኡ ከም ዘለዎም፡ ኣብቲ ምስ ማዕከን ዜና ‘ፕረስ ቲቪ’ ዝገበሮ ቓለ መሕትት ኣተሓሳሰበ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኢራን ነቲ ብኣመሪካ ዝቐረበላ ዘሎ እማመ ምቁራጽ ተጻብኦ ክትሰማምዓሉ እንተ ደኣ ኮይና፡ ንቕድም እስራኤልን ኣመሪካን ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ዝኣካይድኦ ዘለዋ መጥቃዕትታት ምሉእ ብምሉእ ደው ክብላ፡ ኣብ መጻኢ ድማ ኣብ ልዕሊኣ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ንኸይፍጽማ ውሕስነት ክወሃብ ነቲ ዝወረደ ዕንወት ንምጽጋን ዝውዕል ካሕሳ ክኸፍላ፡ ኣብ ልዕሊ ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ተቓወምቲ ጉጅለታት ዝፍጸም መጥቃዕትታት ደው ክብል፡ ከምኡ ድማ ኢራን ኣብ ልዕሊ መጻብቦ ሆርሙዝ ዘለዋ ናይ ልኡላውነት መሰል ክሕለወላ ከም ዘለዎ ኣጠንቀቐ።



ኢራን፡ እቶም ኣቐሪባቶም ዘላ ቅድመ ኩነታዊ ጠለባት ክሳብ ዘይተማልኡ፡ ንዝኾነ ዓይነት ዝርርብ ድልውቲ ከም ዘይኮነት ዘለወሉ፡ እቲ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን፡ ክሳብ ኩሉም ዝማልኡ ሃገሩ ነቲ እተካይዶ ዘላ ናይ ምክልኻል ወተሃደራዊ ስርሒታት ዝያዳ ኣሐይላ ክትቕጽሎ ምዃና ኣፍሊጡ።

## ሃንጋሪ፡ ንዩክሬን እተቕርቦ ጋዝ ከተቋርጾ ምዃና ኣፍሊጣ

ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን፡ ዩክሬን ንመተሓላለፊ ሻምብቆ ነዳዲ ድሩዝባ ክሳብ ዘይከፈተቶ፡ ሃገሩ ናብ ኪየቭ እትልእኾ ባህርያዊ ጋዝ ብብቑዕ ደው ከተብሎ ምዃና ኣፍሊጡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኦርባን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ “ፈስቡክ” ኣብ ዘዘርግሖ ናይ ቪድዮ መልእኽቲ፡ ዩክሬን ንንጥፈታት ናይቲ ካብ ፌደረሽን ሩሲያ ናብ ሃንጋሪ ነዳዲ ዘመሓላልፍ መስመር ሻምብቆ ክሳብ ዘዐንቀፈቶ፡ እቲ ናብ ኪየቭ ክስደድ ዝጸንሐ ጋዝ ኣብ ኢጋንእ ሃገሩ ክኽዘን ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ዩክሬን ነቲ ብመስመር ሻምብቆ ነዳዲ ድሩዝባ ኣቢሉ ናብ ሃንጋሪ ዝለኣኽ ነዳዲ፡ ንመጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ፌደረሽን ሩሲያ ኣብቲ መስመር ኣመኽንያ፡ ዝሓለፈ ጥሪ ደው ከም ዘበለቶ እያ ምንጭታት ዝሕብሩ።

ሞስኮ ነቲ ብኪየቭ ዝቐረበ ናይ መጥቃዕቲ ክሲ ክትነጽጎ እንከላ፡ ኣብቲ መስመር ነዳዲ ዝምርኮሳ ሃንጋሪን ስሎቫኪያን ድማ፡ እቲ ብዩክሬን ዝተወስደ ዋሕዚ ነዳዲ ናይ ምቁራጽ ስጉምቲ፡ ኣብ ልዕሊአን ጸቕጢ ንምፍጣር ዝዓለመ ምዃኑ እየን ዝወቕሳ።



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሃንጋሪ ፔተር ሲያርቶ ብወገኑ፡ ብሳተላይት ኣብ ዝተወስዱ ስእልታት፡ ኣብ ልዕሊ እቲ መስመር ሻምብቆ ነዳዲ ዝኾነ ጉድኣት ከም ዘይወረደ ሓቢሩ ኣሎ።

ቡዳፔስት፡ ክየቭ ነቲ መስመር ሻምብቆ ነዳዲ ክሳብ ዘይከፈተቶ፡ ኣብ ኣኼባታት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣንጻር ዩክሬን ዝቐንዐ ተቓውሞታት ክቕጽሎ ምዃኖ'ውን እቲ መራሒ መንግስቲ ኣጺሩ ኣሎ።

## ባንግላድሽ - ኣውቶቡስ ናብ ፈለግ ብምጥሓላ 24 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ዞባ ራጅባሪ - ባንግላደሽ፡ ሓንቲ ኣስታት 40 ሰባት ዘሳፈረት ናይ ህዝቢ ኣውቶብስ፡ ናብ ዓባይ ጃልባ ክትድይብ ክትብል ብዘጋጠማ ቴክኒካዊ ጸገማት ናብ ፈለግ ፓድማ ብምጥሓላ፡ ብውሑዱ 24 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ መራሒ ናይታ ኣውቶብስ፡ ነታ ተሽከርካሪት ናብ ጃልባ ከደይባ ኣብ ዝሓሰበሉ እዋን ካብ ቁጽጽሩ ወጻኢ ብምዃና፡ ተገምጢላ ንትሽዓተ ሜትሮ ዝኣክል ናብቲ ፈለግ ከም ዝተኣተወት ኣረጋጊጾም።



ሓላፊ ክፍሊ መጥፋእቲ ሓዊ ባንግላደሽ ታልሃ ቢን ዛሲም፡ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ናይቲ ዞባ ካብቲ ፈለግ ድሮ ሓመሽተ ህጻናት ዝርከብዎም 22 ሬሳታት ከም ዘውጽኡ ድሕሪ ምግላጹ፡ ክልተ ግዳያት እውን ብህይወት ድሕሪ ምርካቦን ከም ዝሞታ ገሊጹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ግዳያት'ውን ደጆም ጠፊኡ ብምህላው፡ ቁጽሪ ምዉታት ክዛይድ ስግኣታት ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ባንግላደሽ ብዘጋጥም ተደጋጋሚ ሓደጋታት ተሽከርከርትን ጃላቡን፡ ዓመታዊ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ከም ዝሞቱ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ኣልጀርያ ትበጽሕ

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ ሜሎኒ፡ ኣብ ኣልጀርያ ወግዓዊ ምብጻሕ ከም ዝገበረት ተሓቢሩ።

ምብጻሕ ናይታ ቀዳመይቲ ሚኒስተር፡ ኢጣልያ ምስ ኣልጀርያ ዘለዋ ናይ ጸዓት ሽርክነት ንምሕያል ዝዓለመ ምዃኑ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ሜሎኒ ምስ ፕረዚደንት ኣልጀርያ ዓብደልማጅድ ተብኣ ድሕሪ ዘካየደቶ ዝርርብ ኣብ ዝሃቦ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ካብ ኣልጀርያ ናብ ኢጣልያ ዝሰድድ መጠን ባህርያዊ ጋዝ ክብ ንምባል፡ ክልተኦም መራሕቲ ሓደስቲ መገድታት ንምድህሳስ ምትሕብባርም ክዛይዱ ከም ዝተሰማምዑ ኣፍሊጦም።

ፕረዚደንት ተብኣ ብወገኑ፡ ሃገሩ ብዘለዋ ዘተኣማምን ሰደድ ጋዝ፡ ቀንዲ መሻርኽቲ ኣካል ናይተን ቀረብ ጸዓት ንምውሓስ ዝጽዕራ ዘለዋ ሃገራት ኤውሮጳ ከም ዝኾነት ገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ ክልተኦም መራሕቲ፡ ቁጠባዊ ዝምድና ናይተን ሃገራት ንምጥንኻር፡ ምቛም ቤት ምኽሪ ንግዲ ኣልጀርያ-ኢጣልያ ክቕላጠፍ ከም ዝተሰማምዑ ተሓቢሩ።

ዑደት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ሜሎኒ ናብ ኣልጀርያ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ ምዕጻው መጻብቦ ሆርሙዝ ዘስዓቦ ዘሎ ቅልውላው ናይ ጸዓት ንምቅላል፡ ኣንፈተን ናብ ኣልጀሪያ ይጉብራ ኣብ ዘለዋሉ እዋን እዩ ዝተገብረ ዘሎ።



## መራሕቲ ሰሜን ኮርያን ቤላሩስን ስምምዕ ምሕዝነት ከቲሞም


ትማሊ ሓሙስ፡ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡንን ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሸንኮን ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ዘሎ ዝምድና ንምድልዳል ዝዓለመ ናይ ምሕዝነት ስምምዕ ከም ዝኸተሙ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሼንኮ ምስ መሓዙት ፌደረሽን ሩሲያ ዝኾና ሃገራት ዘለዎ ዝምድና ኣብ ዘይልድለሉ ዘሎ እዋን፡ ናብ ፒዮንግያንግ - ርእሲ ከተማ ሰሜን ኮርያ ብምምራሕ፡ ምስ መራሒ ሰሜን ኮርያ ከም ዝተራኸበ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

መንግስታዊ ማዕከን ዜና ቤላሩስ ‘ቤልታ’ ኣብ ዘዘርግሖ ዜና፡ ፕረዚደንት ሉካሸንኮ፡ ዝምድና ሃገሩን ሰሜን ኮርያን ናብ ሓድሽ መድረኽ ይኣቱ ከም ዘሎ ምግላጹ ሓቢሩ።

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ብወገኑ፡ ሃገሩን ቤላሩስን ኣብ ብዙሕ መዳያት ከም ዝተሰማምዓ ድሕሪ ምግላጹ፡ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊ ቤላሩስ ዝኻይዳኦ ዘለዋ ዘይምኽኑይ ዝበሎ ጸቕጢ ከም ዘይቅበሎ ኣፍሊጡ።

ሰሜን ኮርያን ቤላሩስን፡ ኣብ ኩናት ዩክሬን-ሩሲያ፡ ንፌደረሽን ሩሲያ ብቐሉዕ ይድግፋኣ ምህላወን ምንጭታት ይሕብሩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣበይቶ | 27/03/2026 | መጨረሽታ ፊርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣቤይቶ | 07114040 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services